ኢንድ ወጋሕታ

5ይ ዓመት ቑፅሪ 01 5 ሕዳር 2017 ዓ.ም

ሓሙስ

ብር 10.00


# ጋዜጣታትና ተነበብቲ፣ ተመረፅትን ፅዕንቶ ፈጠርትን ንምግባር እናተሰርሐ'ዩ



ኣይተ ፍቃዱ ከተማ

**ኣብርሃ ሓጎስ**

ኣዲስ ኣበባ፡-ጋዜጣታት ተነበብቲ፣ ተመረፅቲ፣ ተበፃሕተን ፅዕንቶ ፈጠርትን ንምግባር እናተሰርሐ ምዃኑ ምክትል ዋና ስራሕ ፈፃሚ ዘፈር ትሕዝቶ ትካል ፕረስ ኢትዮጵያ ኣይተ ፍቃዱ ከተማ ገሊፆም፡፡

ኣይተ ፍቃዱ፣ ራብዓይ ዓመት ምጅማር ጋዜጣ ወጋሕታ ኣመልኪቶም ምስ ጋዜጣ ወጋሕታ ኣብ ዝነበሮም ፃንሒን ከምዝገለፅዎ፣ ኢትዮጵያውያን ጉዳይ ሃገሮምን ዓለምን ተረዲኦም ኣብ ልምዓት፣ ኣብ ማሕበራዊን ኢኮኖሚያውን ጉዳያት ንቑሕ ተሳትፎ ንክገብሩ ብቛንቓኦም ሓበሬታ ተበፃሒ ክኾነሎም ይግባእ።ንዚ ድማ ጋዜጣታት ተነበብቲ፣ ተመረፅቲ፣ ተበፃሕተን ፅዕንቶ ፈጠርትን ንምግባር እናተሰርሐ'ዩ፡፡

ትካል ፕረስ ኢትዮጵያ ኢትዮጵያ ዝብል ሽም ስለዘለዎ ንተረባሕነት ኹሉ ህዝቢ ብፍትሓውነት ከገልግል ይግባእ። ኮይኑ ግና ን80 ዓመታት ተጓዒዙ ኣብ ዝመፅኣሉ ብኽልተ ቋንቋታት ውሽጢ ዓዲ ብኣምሓርኛን ኦሮምኛን ጥራሕ 'ዩ ሓበሬታ የመሓላልፍ ነይሩ። ድሕሪ ምምፃእ ለውጢ ግና እንተነኣሰ ብዙሕ ተዛረብቲ ዘለዎም ቋንቋታት ሓበሬታ ተበፃሒ ንምግባር ኣብ ውሽጢ ስትራቴጅክ ትልሚ 10 ዓመታት 10 ቋንቋታት ክብ ንምግባር ትልሚ ተታሒዙ ካብዚኦም ንቋንቋ ትግርኛ ተዛረብቲ ጋዜጣ ወጋሕታ፤ ንቋንቋ ሲዳሚኛ ተዛረብቲ ድማ ጋዜጣ በካልቾን ቅድሚ ኣርባዕተ ዓመት ከምዝተኸፈቱ ኣዘኻኺሮም።

ጋዜጣታትና .... ገፅ 6

# እዋኑ ዘይሓለወ ዝናብ ኣብ ሕርሻ ጉድኣት ከየብፅሕ ኣዝርእቲ ምእካብ ይግባእ

**መሰረት ገ/ዮሃንስ**

ኣዲስ ኣበባ፡- ኣብ ወርሒ ሕዳር ኣብ ሓደ ሓደ ክፍልታት ሃገርና እዋኑ ዘይሓለወ ዝናብ ሕርሻ ሓጋይ ጉድኣት ንከይብፅሕ እቲ ገባር ኣዝርእቲ ምእካብ ብኣግባቡ ምኹማርን ተግባራት ምስራሕ ከምዝግባእ ኢንስቲትዩት ሚቲዎሮሎጂ ኢትዮጵያ ኣፍሊጡ፡፡

እቲ ኢንስቲትዩት ንትካል ፕረስ ኢትዮጵያ ኣብ ዝለኣኾ መግለፂ ከምዝሓበሮ፤ ኣብ ዘለናዮ ወርሒ ሕዳር ኣብ ሓደ ሓደ ክፍልታት ሃገርና እዋኑ ዘይሓለወ ካብ ቀላል ክሳብ ማእኸላይ መጠን ዘለዎ ዝናብ ክህሉ ስለዝኽእል ኣብ ሓጋይ ኣዝርእቲ ምስብሳብን ድሕሪ ምስብሳብ

እዋኑ ዘይሓስወ .... ገፅ 6

# ሃገራዊ ምርድዳእ ኣስኳል ህንፀት ሕብረ ብሄራውነት ሓድነት 'ዩ

**መሰረት ገ/ዮሃንስ**

ኣዲስ ኣበባ፡- ብዙሕ መንነት ንዘለዋ ኢትዮጵያ ሕብረብሄራዊ ሓድነት ንምህናፅ ሃገራዊ ምርድዳእ ኣስኳል 'ዩ ክብሉ ኣፈ ጉባኤ ቤት ምኽሪ ፌደሬሽን ኣይተ ኣገኘሁ ተሻገር ገሊፆም፡፡

መበል19 ኢትዮጵያ ብሄር ብሄረሰባትን ህዝብታትን 29 ሕዳር «ሃገራዊ ምርድዳእ ንሕብረ ብሄራዊ ሓድነት» ብዝብል ቴማ ኣብ ደቡብ ኢትዮጵያ ከተማ ኣርባ ምንጭ ክኽበር 'ዩ፡፡ በቲ መሪሕ ሓሳብን ብሕብረ ብሄራዊ ሓድነት ብዘጠናኽሩ ርእሰ ጉዳያት ዙርያ ንሚድያ ኣመራርሓን ንጋዜጠኛታት ግንዝበ መጨበጢ ስልጠና እንትውሃብ፣ ኣይተ ኣገኘሁ ኣብቲ ስልጠና ከምዝገለፅዎ፤ ከም ኢትዮጵያ ብዙሕ ሃይማኖት ፣ቋንቋ ፣ባህልን ኣመለኻኽታን ንዘለዋ ሃገር ሕብረብሄራውነት ሓድነት ንምህናፅ ሃገራዊ ምርድዳእ ኣስኳል 'ዩ፡፡እቲ በዓል ናይ ኢትዮጵያ ብዙሕ ማንነት ኣፍልጦ ካብ ምሃብ ንላዕሊ ብማዕርነት ዝተመስረተ ሓድነትን ሰላምን ንምህናፅ ዝሕግዝ 'ዩ፡፡

ሃገራዊ ምርድዳእ .... ገፅ 6

# ብኽነት ድሕረ ፍርያት- ስግኣት ምረግጋፅ ውሕስና ምግቢ

**ኣብርሃ ሓጎስ**

**ትንተና ዜና**

ትካል ሕርሻን ምግብን ዓለም (FAO) ኣብ ኢትዮጵያ ልዕሊ 30 ሚእታዊ ዝኸውን ፍርያት ግብርና ከምዝባኽን ኣፍሊጡ።

እቲ ፍርያት ዝባኽን ኣብ ድሕሪ ምእካብ ምዃኑ ብምሕባር፤ ምህርቲ ኣብ ምእካብ፣ ምንቃፅን ልዕሎ ዓቕን ኣጠቓቕማ ፍርያትን ምዃኑ 'ዩ ዘረድእ።



ምኽትል ፕሬዚዳንት ማሕበር ሰብሞያ ድሕረ ፍርያት ኢትዮጵያ ሙሉጌታ ተዓምር (ዶ/ር) ንትካል ፕረስ ኢትዮጵያ ከምዘበለዎ፤ ዋና ትኹረት መንግስቲ ፍርያት ግብርና ኣፍራይነትን ፍርያትን ምዕባይ ምዃኑ ይኹን 'ምበር ምስ ኣሰራርሓ ቅድመ ፍርያት እንትነፃር ንምምሕዳር ድሕረ ፍርያት ዝተውሃቦ ትኹረት ትሑት 'ዩ።

ንፖሊሲታት ድሕረ ፍርያት፣ ስትራቴጂታትን መምርሒታትን ቴክኒካል ተሰማዕማዕነት፣ ኣዋፃኢነት ኢኮኖሚያዊ፣ ተቀባልነት ማሕበራዊ፣ ከባቢያውን ዘላቂነትን ኣብ ግምት ውሽጢ ምእታው ኣድላይ 'ዩ ዝበሉ ሙሉጌታ (ዶ/ር)፤ ኣብ ክልላት ዝፈረዩ ዝተፈላለዩ ፍርያት ግብርና ካብ ክልል ናብ ክልል ወይ ናብ ዋና ከተማ ክሳብ ዝበፅሑ ክሳብ 50 ሚእታዊ ከምዝባኽኑ ይገልፁ።

ኣብ ፍርያት እኽሊ ክሳብ 30 ሚእታዊ፤ ኣብ ፍርያታት ኣትኽልትን ፍራምረን ድማ ክሳብ 50 ሚእታዊ ብኽነት ፍርያት ይፍጠሩ 'ዮም ዝበሉ ሙሉጌታ (ዶ/ር)፤ እናባኸነ ዝርከብ ፍርያት ሕርሻ ብዙሓት ኢትዮጵያውን ክቅልብ ዝኽእል ምዃኑ ይዛረቡ።

ኣብ ዩኒቨርሲቲ ጎንደር ብኣግሮ ኢኮኖሚስት መምህር ዝኾኑ ኣሰፉ ጥላሁን (ዶ/ር)ብወገኖም፤ በዝሒ ቁፅሪ ህዝቢ እናዓበየ ብምምፅኡ ድልየት ምግቢ እናወሰኸ ምምፅኡ የልዕሉ፡፡ በዚ መንፅር ብክነት

ብኽነት ድሕረ.... ገፅ 6



"መንደር ቤኑና ይክኣል ብዓይንና ዝረአናሉ 'ዩ"

- ቀዳማይ ሚኒስትር ኣብይ ኣሕመድ (ዶ/ር)

ገፅ 4

«ሕብረተሰብና ብሕማም ዓሶ ከይጥቃዕ ግቡእ ጥንቃቀ ክገብር ኣለዎ»

-ኣይተ ገብረመድህን ክንፉ

ገፅ 5



# ዩኒቨርስቲ መቐለ 2 ሺሕን 811 ተምሃሮ ኣመሪቑ

**መሰረት ገ/ዮሃንስ**

ኣዲስ ኣበባ፡-ዩኒቨርስቲ መቐለ ኣብ ዝሓለፈ ሰሙን ንመበል 30 ግዜ ብዝተፈላለዩ ዓውዲ ትምህርቲ ከምህሮም ዝፀንሐ 2 ሺሕን 811 ተምሃሮ ኣመሪቑ።

ዩንቨርስቲ መቐለ ኣብ ዘሳለጦ ስነ ስርዓት ምረቓ ዝተረኸቡ ርእሰ ምምሕዳር ግዚያዊ ምምሕዳር ክልል ትግራይ ኣይተ ጌታቸው ረዳ፣ « መሃያ ዘይተኸፈለና፣ ደኺሙና ጠሚዩና ከይበልኩም ዘሎ ፀገም ተፃዊርኩም ወለዶ ኣብ ምህናፅ ዘለኹም መምህራን ልዑል ናእዳ ኣለኒ» ክብሉ ገሊፆም።

ኣይተ ጌታቸው ረዳ፣ ነዚ ኣብ ትግራይ ዝነበረ ኲናትን ዕንወትን ተሳጊርኩም ናብዚ ምረቓ ምብፃሕኹም እንኳዕ ደስ በለኩም ኢሎም። እቲ ሕዚ ተረኺቡ ዘሎ ሃዋህው ሰላም ብዙሕ ዋጋን መስዋእትን ከም ዝተኸፈለሉ ብምሕባር ዩኒቨርስቲ መቐለ ፀገማት ህዝቢ ትግራይ ኣብ ምፍታሕ ኣበርክትኡ ከዕዝዝ ይግባእ ኢሎም።

ተመረቕቲ ተምሃሮ ሳላ ዝተረኸበ ሰላም ተማሂርኩም ክትምረቑ ምብቃዕኹም ዝተሰመዐኒ ታሕጓስ ልዑል 'ዩ ብምባል፣ ንሰላምን ልምዓትን ዓዱኹም ክትሰርሑ ይፅውዕ ክብሉ ድማ ፃውዒት ኣቕሪቦም። ኣብ ክሊ ዘለዎም ኩለመዳያዊ ፀገም ኮይኖም ወለዶ ንምህናፅ ለይትን ቀትርን ንዝሰርሑን ወለዶ ዝሃንፁን መምህራን ድማ ክብሪ ይግበኦም ብምባል ኣመስጊኖም።

ፕሬዚዳንት ዩኒቨርስቲ መቐለ ፋና ሓገስ(ዶ/ር) ብግደኦን፣ ዩንቨርስቲ መቐለ ዓቕሚ ዘለዎ ሓይሊ ሰብ ኣብ ምፍራይ እጃሙ ይፍፅም ኣሎ ኢለን። ዩኒቨርስቲ መቐለ ንዝሓለፉ 30 ዓመታት ንልዕሊ 100 ሽሕ ተምሃሮ ብዝተፈላለዩ ዓውድታት እናምሀረን እናብቀዐን ሙሁር ሓይሊ እዛ ሃገር ክዓዝዝ ዝለዓለ ኣበርክቶ ፈፂሙ 'ዩ ክብላ ገሊፀን፡፡

እቲ ዩኒቨርስቲ ካብቲ ሕዚ ዘለዎ ዓቕሚ ብዝበለፀ ንምጥንኻር ካብ ዩኒቨርስቲ ኣዲስ ኣበባ ቐፂሉ ዓርሱ ብዓርሱ ዝመሓደር ዩኒቨርስቲ ንምግባር ኣብ ምድላው ይርከብ ክብላ 'ውን ገሊፀን። ተመረቕቲ ተምሃሮ ሙሉእ ዓቕሚን ፍልጠትን ሒዞም እንትምረቑ ኣምባሳደራትና 'ዮም ዝበላ እተን ፕሬዚዳንት፣ ብኲናት ዝዓነወት ትግራይ ኣብ ምሕዋይ ዘይትካእ ግደ ከምዘለዎም ዘለወን እምነት ተዛሪበን።

ዩኒቨርስቲ መቐለ ኣብ ትግራይ ብዝነበረ ኵናት ኩለመዳያዊ ዕንወት ከም ዝበፅሖ ብምግላፅ፣ እቲ ዩኒቨርስቲ ዘለዉዎ ፀገማት ተፃዊሩ ናብዚ ምብፅሑ ዘሕብን 'ዩ፤ ንተመረቕቲ ተምሃሮ እንኳዕ ደስ በለኩም ኢለን።

# ርክብ ህዝብታት ትግራይን ዓፋርን ንምጥንኻር ዝዓለመ ዘተ ተኻይዱ

**ኣብርሃ ሓጎስ**



ኣዲስ ኣበባ፡- ርክብ ህዝብታት ትግራይን ዓፋርን ንምጥንኻር ዝዓለመ ዘተ ኣብ ኲሓ ምክያዱ ተገሊፁ።

ርክብ ህዝብታት ትግራይን ዓፋርን ንምጥንኻር ዝዓለመ ዘተ ኣብ ከተማ ኲሓ ኣብ ዘተኻየደሉ 3 ሕዳር 2017 ዓ.ም ኣብ መንጎ ክሊቲኦም ህዝበታት ዝነበረ ሰላምን ምሕዝነትን ናብ ንቡር ንምምላስ ከምዝሰርሑ ተወከልቲ ክልቲኦም ህዝብታት ምግላፆም ቴሌቪዥን ትግራይ ፀብፂቡ።

ነዚ ዘተ ዘካየዱ ህዝብታት ካብ ዓፋር ወረዳታት ኣብዓላን ወሰማን ካብ ትግራይ ድማ ካብ ወረዳ እንደርታ ዝመፁ ተወከልቲ ህዝቢ፣ ኣመራርሓን ዓበይቲ ዓዲን ከምዝኾኑ ዝተረኸበ ሓበሬታ የመላኽት።

ኣብቲ ዘተ ዝተረኸቡ ዋና ኣመሓዳሪ ዞባ ደቡብ ምብራቕ ትግራይ ኣይተ ፀጋይ ገብረተኽለ ከምዝበልዎ፤ ክልቲኡ ህዝቢ ብምኽንያት ኲናት ንልዕሊ ሰለስተ ዓመት ተፈላልዩ ፀኒሑ 'ዩ ሕዚ ግና ብዝተፈጠረ ሃዋህው ሰላም ርክብ ክልቲኡ ህዝቢ ተጠናኺሩ ከምዝቕፅል ተስፋ ሓዲሮም።

ብተወሳኺ ብብርኪ ክልልን ዞባን ዝነበረ ርክብ ሕዚ ናብ ወረዳን ጣብያን ምውራዱ እቲ ርክብ ተጠናኺሩ ከምዝቕፅል ተስፋ ዝህብ 'ዩ ዝበሉ እቶም ዋና ኣመሓዳሪ፤ ህዝብታት ትግራይን ዓፋርን ብፍላይ ድማ እንደርታን ኣብዓላን ዘለዎም ዝፀንሐ ስጡም ሕውነታዊ ርክብ ብዕርቅን ሽምግልናን ሓበራዊ ፀገማቶም ዝፈትሑን ህዝብታት ምዃኖም ገሊፆም።

ካብ ክልል ዓፋር ንብረቶም ገዲፎም ዝተመዛበሉ ወገናት 'ውን ቀልጢፎም ናብ ዝነበርዎ ክምለሱ ብትኹረት ከምዝስራሕ ተዛሪቦም።

ዋና ኣመሓዳሪ ወረዳ ኣብዓላ ኣሕመድ ኑር ብወገኖም፤ ህዝብታት ትግራይን ዓፋርን ጎረባብቲ ዘይኮኑስ ኣሕዋት 'ዮም ብምባል፤ ኣብ ሰላምን ልምዓትን ትኹረት ገይርና ክንሰርሕ ድልዋት ኢና ክብሉ ገሊፆም።

ስለዝኾነ ክልቲኡ ህዝቢ ብፍላይ ወረዳ እንደርታን ኣብዓላን ዘሎ ፀገም ኢሂን ምሂን ኢሉ ዝፈትሐሉን ተመዛበልቲ ወገናት ኣብ ዝሓፀረ ጊዜ ብውሑስ ኣገባብ ንምምላስ ከምዝሰርሑ ሓቢሮም።

ዋና ኣመሓዳሪ ወረዳ እንደርታ ኣይተ ብርሃነ ዮውሃንስ ዝተጀመረ ርክብ ክሳብ ጣብያን ናብ ህዝቢ ወሪዱ ተግባራዊ ንክኸውን ከምዝሰርሑ ብምዝራብ፤ እዙይ ንምስላጥ ድማ ካብ ክልቲኡ ወረዳታት ኣቦ ገረባት ተመሪፆም ዚጋጥሙ ፀገማት ናይ ምፍታሕ ስራሕቲ ከም ዘሳልጡ ሓቢሮም።

ኣብቲ መድረኽ ዝተረኸቡ ፕሮፌሰር ምትኩ ሃይለ ክልቲኡ ህዝቢ ናብቲ ቅድሚ ሕዚ ዝነበረ ሰላምን ሓድነትን ንምምላስ ዘተ ምጅማሩ ናእደኦም ዝገለፁ እንትኾኑ፤ ህዝቢ ዓፋር ፕሮፌሰር ንክኸውን 'ውን ዓብይ ሓገዝ ኣበርኪትለይ 'ዩ ብምባልም ምስጋነኦም ብምቕራብ ርክብ ክልቲኦም ህዝብታት ዝጠንከረ ምዃኑ መስኪሮም።እቲ ዘተ ክልቲኦም ህዝብታት ናብ ልምዓት ንምእታው ሓጋዛይ ምዃኑ ኣብሪሆም።

ዓበይቲ ዓዲን ተወከልትን ክልቲኦም ህዝብታት ብወገኖም ፖለቲካዊ ኣፈላላይ ዝፈጠሮ 'ምበር ከም ህዝቢ ምንም ዓይነት ኣፈላላይ የብልናን ምባሎምን፤ እቲ ቅድሚ ሕዚ ዝነበረ ሰላምን ምሕዝነትን ኣጠናኺሮም ከምዝቕፅልሉ ድማ ቃል ኣትዮም።

ቅድም ክብል ብፕረዚደንት ግዝያዊ ምምሕዳር ትግራይ ኣይተ ጌታቸው ረዳ ዝተመረሐ ጉጅለ ልኡኽ ትግራይ ናብ ክልል ዓፋር ከተማ ሰመራ ተጓዒዙ ምስ ፕረዝደንት ክልል ዓፋር ሓጂ ኣወል ኣርባ ምዝታዩን ርክብ ትግራይን ዓፋርን ናብ ንቡር ንምምላስ ኣብ ስምምዕ ከምዝተበፅሐ ዝዝከር 'ዩ።




# ግልጋሎት ነባሪነት ኣዲስ ኣበባ ንምምሕያሽ ምስ ሓሙሽተ ትካላት ስምምዕነት ተፈሪሙ

**ኣብረሃ ሓጎስ**

ኣዲስ ኣበባ፡-ግልጋሎት ነባሪነት ኣዲስ ኣበባ ንምምሕያሽ ኣብ ሞነኅ ፕሮግራም ብሄራዊ ዲጂታል መለለዪ መንነት ፤ ምምሕዳር ድሕንነት መርበብ ሓበሬታ፣ኢንስቲትዩት ኣርቲፊሻል ኢንተለጀንስ፣ ቢሮ ልምዓት ኢኖቬሽንን ቴክኖሎጂን ኣዲስ ኣበባ፣ኤጀንሲ ኣገልግሎት ምዝገባ ሲቪልን ነባርነትን ኣዲስ ኣበባን ብሓባር ንምስራሕ መረዳድኢ ሰነድ ተፈሪሙ።

እቲ ስምምዕነት፤ ዜጋታት ተጠቀምቲ ዝገብር መፍትሒታት ቴክኖሎጂ ሲቪል ምዝገባን ወሳኒ ኩነትን ንምልማዕ፣ ንምምኻር፣ንምትግባር፣ብቐፃልነት ንምክትታልን ብሓባር ንምስራሕን ዝዓለመ ከምዝኾነ ተገሊፁ።

እዞም ግልጋሎታት ምስ ፕሮግራም ብሄራዊ ዲጂታል መለለዪ መንነት ዝተኣሳሰሩ ከምዝኾኑ 'ውን ካብ ምምሕዳር ድሕንነት መርበብ ሓበሬታ ዝተረኸበ ሓበሬታ የመላኽት።

መካየዲ ስራሕ ፕሮግራም ብሄራዊ ዲጂታል መለለዪ መንነት ኢትዮጵያ ኣይተ ዮዳሄ ኣርኣያስላሴ፤ እቲ ዝድለ ለውጢ ንምምፃእ ዝተዋደዱ ኣሰራርሓታትን ምትሕብባራትን ኣድለይቲ 'ዮም ኢሎም።

ዋና ዳይሬክተር ምምሕዳር ድሕንነት መርበብ ሓበሬታ ወይዘሮ ትዕግስት ሃሚድ ኣብቲ እዋን ስምምዕ ከምዝበልኦ፤ ኤጀንሲ ግልጋሎት ምዝገባ ሲቪልን ነባርነትን ኣዲስ ኣበባ ቅድሚ ሕዚ ዝነበርዎ ፀገማት ብምፍታሕ እቲ ኣሰራርሓ ንምምሕያሽ ዘርኣዮ ቆራፅነት ዝነኣድ 'ዩ።

ምምሕዳር ድሕንነት መርበብ ሓበሬታ 'ውን ኣሰራርሓ እቲ ኤጀንሲ ዲጂታላይዝ ኣብ ምግባር ንምድጋፍን ንምምኻርን ሰፋሕቲ ስራሕቲ ከምዝሰርሕ ገሊፀን።

ዋና ዳይሬክተር ኢንስቲትዩት ኣርቲፊሻል ኢንተለጀንስ ኢትዮጵያ ኢንጂነር ወርቁ ጋቸና(ዶ/ር) ብግደኦም፤ እቲ ዝህነፅ ስርዓት ግልጋሎት ምዝገባ ሲቪልን ነባርነትን ምምሕዳር ከተማ ኣዲስ ኣበባ እታ ከተማ ስማርት ንምግባር ከምዝሕግዝ ሓቢሮም።

ብተወሳኺ 'ውን ኣብታ ከተማ ዝፍፀሙ ዘይሕጋዊ ተግባራት ንምክልኻልን ካልኦት ግልጋሎታት ንምትእስሳርን እቲ ስምምዕነት ወሳኒ 'ዩ ኢሎም።

ዋና ዳይሬክተር ኤጀንሲ ግልጋሎት ምዝገባ ሲቪልን ነባርነትን ምምሕዳር ከተማ ኣዲስ ኣበባ ዮናስ ኣለማየሁ፤ እቲ ኤጀንሲ ብዋናነት ዘሳልጦም ስራሕቲ ግልጋሎት ወሳኒ ኩነትን መለለዪ መንነትን ከምዝኾነ ገሊፆም።

ይኹን 'ምበር ቅድሚ ሕዚ ዝነበረ ኣሰራርሓ ነዚ ዘበን ዝምጥንን ድሌት ተገልገልቲ ዘየማልእን ብምዃኑ ቴክኖሎጂ ምጥቃም ግድን ከምዝኾነ ብምሕባር ምስቶም ትካላት ብሓባር ምስራሕ ኣድላይ ከምዝኾነ ኣረዲኦም።

ሓላፊ ቢሮ ልምዓት ኢኖቬሽንን ቴክኖሎጂን ምምሕዳር ከተማ ኣዲስ ኣበባ ኣይተ ሰለሞን ኣማረ ብግደኦም፤ ምስ ሃገር ቦቖል ትካላት ቴክኖሎጂ ብሓባር ምስራሕ ጭቡጥ ውፅኢት ከምዝርከብ ዘለዎም ተስፋ ሓቢሮም።

ኣብ ኣዲስ ኣበባ ኣብ ምምሕያሽ ግልጋሎት ምዝገባ ሲቪልን ነባርነትን ምምሕዳር ድሕንነት መርበብ ሓበሬታ፣ኢንስቲትዩት ኣርቲፊሻል ኢንተለጀንስ ስራሕቲ ምምኻር ዝፍፅሙ እንትኾኑ ፕሮግራም ብሄራዊ ዲጂታል መለለዪ መንነት ድማ ፋይዳ ተግባራዊ ዝገብር ኮይኑ፤ ዋና ዕላማ እቲ ስምምዕነት ኣብ ኣዲስ ኣበባ መሰረተ ልምዓት ግልጋሎት ምዝገባ ሲቪልን ነባርነትን ምምሕያሽን ዓቕሚ መለለዪ መንነት ፋይዳ ምዕባይ 'ዩ። እዚ ድማ ኣካል ጉዕዞ ምግሃድ ዲጂታል ኢትዮጵያ 2025 ምዃኑ ኣብቲ እዋን ተገሊፁ።

# ርእሰ ኣንቀፅ

## ኣንብቡ፤ፀሓፉ፤ተሳተፉ!

ትካል ፕረስ ኢትዮጵያ ን83 ዓመታት ኣብ ሕትመት ጋዜጣን መፅሄትን ስራሕ ተዋፊሩ ኣብ ታሪክ ሃገርና ዘይትካእ ግደ ዝተፃወተን እናተፃወተን ዝርከብ ፈላሚ ዘመናዊ ሕትመት ሚዲያ ሃገርና 'ዩ፡፡ኣብ 83 ዓመታት ጉዕዞኡ ብ1933 ዓ.ም ብቋንቋ ኣምሓርኛ ዕለታዊ ጋዜጣ ኣዲስ ዘመን ምሕታም ካብዝጀመረሉ ወርሒ ግንቦት 1933 ዓ.ም ክሳብ ሐዚ ኣሎ፡፡በእንግሊዝኛ ብዘይካ ሶኒ ኣብ ሰሙን ሽዱሽተ ግዜ ዝሕተም ጋዜጣ ዘኢትዮጵያን ሄራልድ፣ ሰሙናዊ ናይ ዓረብኛ ኣልዓለምን ናይ ኣፋን ኦሮሞ በሪሳ ጋዜጣታት ከምኡ'ውን ብቋንቋ ኣምሓርኛ መፅሄት ዘመን ኣብ ክልተ ወርሒ እናሓተመ ንኣንበብቲ ኣብ ምቕራብ ነዊሕ ዓመታት ተጓዒዙ'ዩ፡፡

ቅድሚ ኣርባዕተ ዓመታት ድማ ብቋንቋ ትግርኛ ጋዜጣ ወጋሕታ ፤ብቋንቋ ሲዳምኛ ድማ ጋዜጣ ባካልቾ ብምሕታም ኣብ ብዝሀነት ቋንቋ ክብ ክብል ገይሩ 'ዩ፡፡ኣብ ዝሓለፈ ዓመት መወዳእታ ድማ ንህፃናት ዝኸውን ፈላማይ መፅሄት «ብላቴናት» ብምሕታምን ኣንበብቲ ወለዶ ንምፍጣር እጃሙ ኣብ ምውፃእ ይርከብ፡፡

ትካልና ብዝተፈላለዩ ቋንቋታት በብእዋኑ ዝነበሩ ፖለቲካዊ፣ማህበራዊን ኢኮኖሚያዊን ዛዕባታት ሃገርና ብምስናድን መረዳእታታት ናብ ህዝቢ ብምቕራብ ግቡኡ እናፈጸመ ኣብዚ በፂሑ ኣሎ፡፡ ቅድመ ኣርባዕተ ዓመ ምሕታም ዝጀመረት ጋዜጣ ወጋሕታ'ውን ኣብዚ ታሪኽ እዚ ተፀምቢራ ኣላ፡፡ጋዜጣ ወጋሕታ ኣብ ዝሓለፉ ኣርባዕታ ዓመታት ብቋንቋ ትግርኛ ሃገራዊን ክልላዊን ሓበሬታት ብምሕታም ኣብ ታሪክ ማህደር ሰኒዳ 'ያ፡፡

ትካል ፕረስ ኢትዮጵያ ብ 83 ዓመታት ታሪኹ ንሃገርን ንተመራመርቲን ዝኸውን ናይ ፎቶ ግራፍን ናይ ጋዜጣ ፅሑፍ መረዳእታ ፍልፍል 'ዮ፡፡ናይ ታሪክን መረዳእታታት ሃፍታም ትካልውን 'ዩ፡፡ኣብ ዕቤት ስነፅሑፍ ሃገርና'ውን ዘይትካእ እጃም ኣበርኪቱ ኣሎ፡፡ኣብዚ ነዊሕ ታሪኽ ጋዜጣ ወጋሕታ'ውን እጃማ ኣወፍያ 'ያ፡፡

ናይ ሃገርና ናይ 83 ዓመታት መብዛሕቲኦም ዕለታዊ ኽስተታት መረዳእታትት ብፎቶን ብፅሑፍን ኣብ ትካል ፕረስ ኢትዮጵያ ይርከቡ፡፡ትካልና ኣብዚ ሐዚ እዋን ነባር ናይ ህትመት ውፂኢታቱ ብትሕዝቶን ብዲዛይንን ንምምሕያሽ እናሰርሐ ይርከብ፡፡ጋዜጣ ወጋሕታ'ኣብ ዝሓለፉ ኣርባዕተ ዓመታት ሕትመታታ ዝነበሩ ጥንካረን ድኽመትን ብምፍላይ ኣብ መበል ሓምሻይ ዓመታ ምምሕያሽ ትሕዝቶን ኣቀራርባን ብምግባር ንኣንበብቲ ተበፃሒ ንምግባር እናሰርሐት ትርከብ፡፡

ትግርኛ ተዛራባይ ህዝቢ ኣማራፂ ናይ ሃሳብ መኣዲ የድልዮ 'ዩ፡፡ በዚ መንፅር ብዙሕ ተዛራቢ፣ዝደርጀወ ናይ ስነፅሁፍን መረዳእታን ልውውጥ ባህሊ ካብዘለዎም ህዝብታት ሓደ ዝኾነ ህዝቢ ትግራይ ብፌደራል ብርኪ ብቋንቋኡ ጋዜጣ ክህልዎ ግድን ስለዝኾነ ቅድሚ ኣርባዕተ ዓመታት ዝተጀመረት ጋዜጣ ወጋሕታ ኣብ ምጥንኻርን ሓሳብ ኣብ ምሓብን ምስታፍን ኩሉ ክነጥፍ ይግባእ፡፡

ጋዜጣ ወጋሕታ ንተዛረብቲ ቋንቋ ትግርኛ መማረጺ ናይ ሓሳብ መኣዲ ኮይና ዝተፈላለያ ሓሳባት ክተተኣናግድ፣ ብመረዳእታት ዝዓሞቑ ዜናታት፣ትንታኔ ዜናታትን ሓተታታት ከምኡ'ውን ኣብ ናይ ሃገርና ፖለቲካዊ ፤ኢኮኖሚያዊን ማህበራዊን ጉዳያት ፍልጠት ዘለዎም ኣጋይሽ ብቓለ መሕታት መልክዕ ብምቅራብ መረዳእታን ፍልጠት ህዝቢ ንክረክብ እናገበረት መፂኣ ኣላ፡፡ሐዚ'ውን ትቕፅል ኣላ፡፡

ጋዜጣና ኩሎም ሓሳባት ዝተኣናገዱላ፣ናይ ሃገርና ኩለመዳያዊ ምንቅስቃስ ንተዛራብትና ኣንበብቲን ትግርኛ ዝቀርቡላ፣ጉዳይ ኢትዮጵያ/ትግራይ ከምኡ'ውን ጎረቤት ሃገራት ማእኸል ገይራ ዜናታትን ካልኦት ስራሕቲን ብምስራሕ ፁፁይ ሓበሬታ እናቕረበት መፂኣ'ያ፡፡ሐዚ'ውን በዚ ስለትቕፅል ተሳትፎ ኣንበብቲ ኣድላይ ስለዝኾነ ተሳተፉ፡፡

ኣንበብቲ ጋዜጣና ዝኾንኩም ርኢቶ ብምሃብ፣ኣብ ዓምድታት ነጻ ሓሳብ ሓሳብኩም ንክሕተመልኩም ብምልኣኽ ንኽትሳተፉ ሐዚ'ውን ንዕድመኩም ኣለና፡፡ምሕርቲን ግልጋሎትኩም'ውን ንኣንበብቲ ቋንቋ ትግርኛ በተመጣጣኒ ዋጋ ንክበፅሐልኩምውን ናብ ጋዜጣ ወጋሕታ ምፅኡ፡፡ብሓፈሻ ጋዜጣ ወጋሕታ ኣንብቡ፤ኣብ ጋዜጣ ወጋሕታ ሓሳብኩም ፀሓፉ፣ኩለ መዳያዊ ተሳትፎ ግበሩ፡፡


# ወጋሕታ

3 ሕዳር 2013 ዓ.ም ተመስሪታ

**ዋና ስራሕ ፈፃሚ ትካል ፕረስ ኢትዮጵያ**
ቑፅሪ ስልኪ - 011-126-42-22
ኢሜል ፡- epa@press.et

**ዋና ኣሰናዳኢ**
ፍቃዱ ሞላ

**ኣድራሻ**
የካ ክ/ከ
ወረዳ 14
ቑፅሪ ገዛ 520/20
ኢሜይል - fekadumola@press.et
ቑፅሪ ስልኪ - 011-1-56-98-75

**ኣሰናዳእቲ**
ማዕረግ ገ/ሄር
መሰረት ገ/ዮሃንስ
ኣብርሃ ሓጎስ

**ዘፈር ልምዓትን ዕዳጋን ፕሮሞሽን**
ኢሜይል - epapromotion@press.et
ቑፅሪ ስልኪ - 011-126-43-41
ፋክስ - 011-811-13-15

**ክፍሊ መቕበሊ ምልሳይ**
ቑፅሪ ስልኪ - 011-156-98-73
ፋክስ - 011-126-58-12

**መተሓባበሪ ምልሳይ ዕዳጋ**
ቑፅሪ ስልኪ - 011-1-26-43-39

**መከፋፈሊ**
ቑፅሪ ስልኪ - 011-157-02-70


# ናፃ ሓሳብ

እዚ ዓምዲ ኣብ ዝተፈላለዩ ፖለቲካዊ፣ ኢኮኖሚያዊን ማሕበራዊን ጉዳያት ዜጋታት ናፃ ሓሳቦም ዝህብሉ እዩ፡፡ ኣብዚ ዓምዲ ዝወፅኡ ፅሑፋት ናይ ክፍሊ ምስንዳእ ቀዋሚ ኣይኮኑን፡፡

## ሓደጋ እዋኑ ዘይሓለወ ዝናብ ንነክይ

**መሰረት ገ/ዮሃንስ**

ኢትዮጵያ ሰፊሕ ተሓራሲ መሬት እንተሃለዋ ብዝድለ ልክዕ ስለዘይተሰረሐሉ ህይወት ሕብረተሰብ ክንድቲ ዝድለ ምቅያር ኣይተኻኣለን፡፡ ሕርሻ ናብ ዝሓሸ ደረጃ ክበፅሕ ብዙሕ ትኹረትን ስራሕን ዘድልዮ ጉዳይ 'ዩ። ኢትዮጵያ ልሙዕ ተሓራሲ መሬት፣ ንሕርሻ ዝምችው ኣየር፣ ዝናብን ማይ ከርሰ መሬትን ከምዘለዋ ይፍለጥ፡፡ ስራሕቲ ሕርሻ ናብ ዝሓሸ ብርኪ ንምምላስን ውሕስነት ምግቢ ንምርግጋፅን፣ ብምግቢ ዓርሰኻ ንምኽኣል እንተተደልዩ ብጥበብን ብሳይንስን ምስራሕ ግድን ከምዝኾነ ይፍለጥ፡፡ ኮይኑ ግና ሕርሻ ገና ናብ ዘመናውነት ዘይተሰጋገረ ዘፈር 'ዩ፡፡

ሕርሻ ካብ ጥንቲ ጀሚሩ ክንድ እቲ ዝድለ ትኹረት ስለዘይተውሃቦ ኢትዮጵያ ንብዙሕ ዘመናት ሓገዝ ምግቢ ካብ ወፃኢ ሃገራት ትፅቢት እትገብር ሓንቲ ኮይና ንብዙሕ እዋን ፀኒሓ 'ያ፡፡ በርግፅ ኣብ ዝሓለፉ ቅሩብ ዓመታት ለውጥታት እናተርኣየ 'ዩ፡፡ ሕርሻ ብኣግባባ ከይድታቱ ዛዚሙ ኣብ ረብሓ ንክውዕል ኣብ መንጎ ፀገማት ከጋጥሙ ይኽእሉ 'ዮም፡፡ እዚኦም ዕንቅፋት ዝኾኑ ከመይ ገይርና ክንሰግሮም ኣለና ዝብል ትኹረት ዘድልዮ ጉዳይ 'ዩ፡፡ ኸዚ ኣጋጢሙ ዘሎ ግዚኡ ዘይሓለወ ዝናብ ብምጥቃም ድማ ሓረስታይ ተረባሓይ ዝኾነሉ ኣጋጣሚ ኣሎ፡፡

ኣብ ዝሓለፈ ኽራማት ኣብ ምህርቲ ሕርሻ ከደንፍዑ ዝኽእሉ ስራሕቲ ተሰርሖም 'ዮም፡፡ ብዝነበረ ፅቡቕ ዝናብ 'ውን ዝሓሸ ኣዝመራ ኣሎ፡፡ ሓረስታይ ሕርሻኡ ብዝግባእ ትኹረት ገይሩ እናተንከባኸበ ስለዝኸረመ ሐዚ ድማ ምህርቲ ኣብ ዝሓፍሰሉ ኹነታት ይርከብ፡፡ ምህርቲ ኣብ ፅቡቕ ኹነታት ይርከብ፤ ኾይኑ ግና እዋን ዘይሓለወ ማይ ነቲ ምህርቲ ከየበላሽዎ ብእዋኑ ብምእካብ እቲ ዝተረኸበ ማይ ድማ ኣብ ጥቕሚ ንምውዓል ምድላው ክግበር ይግባእ፡፡ እቲ ማይ ብፍላይ ኣብ ምህርቲ ጣፍ ሓደጋ ከየስዕብ ብእዋኑ እናተዓፀደ ንክኹመርን እንተተኻኢሉ ተኣኪቡ ናብ ጎተራ ንኽኣትው ምስ ሓረስቶት ተረዳዲእኻ ክስራሕ ይግባእ፡፡ ኣብዚ ሐዚ እዋን ምህርቲ ዓተርን ስገምን እናተዓፀደ እንተኾነ 'ውን ኮይኑ ግና ደንጉዮም ዝተዘርኡ ጣፍን ማሽላን ጥንቃቐ ብምግባር ንቐፃሊ ንኽዕፀዱ ብትኹረት እናተሰተርሐ ከምዝኾነ ዝፍለጥ 'ዩ፡፡

ዘራእቲ ተዛሪኡ ክሳብ ንዓፀዳ ዝቐርብ ዝተፈላለየ ፀገማት ዕንቅፋት ዝኾኑ ከጋጥምዎ ከምዝኽእል ዝፍለጥ 'ዩ፡፡ እዚ ንምክልኻል ድማ እቲ ገባር ጥራሕ እንተይኾነስ ባዓል ሞያ ሕርሻ ኾነ ካብቲ ሞያ ወፃኢ ዘሎ ማሕበረሰብ ዝምልከቶ ጉዳይ 'ውን 'ዩ፡፡ ኣብ ሕርሻ ዝበፅሕ ጉድኣት ንምክልኻል ነባራይ ነቲ ኸባቢን ኣብ ቀረባ ዝኾነ ኣካል 'ዩ። ኸዚ 'ውን እቲ ዘራእቲ ቅድሚ ምንም ጉድኣት ምብፅሑ ተረባሪብኻ ምእካብ የድሊ፡፡ እዋኑ ዘይሓለወ ዝናብ ከም ሓደጋ ጥራሕ ዘይኮነስ ከም ፀጋ ምርኣይ ኣድላይ እንተኾነ 'ውን ብሓደ ገፅ ኣብ ዝራእቲ ሓደጋ ከይበፅሕ መናእሰይ፣ ሓይልታት ፀጥታ፣ ተምሃሮን ኩሉ ኣካል ማሕበረሰብን ብምትሕግጋዝ እኽሊ ብግቡእ ብምእካብ ናብ ዓዲ ምባል እንተድሊ በቲ ካልእ ገፅ ድማ እቲ ዝናብ ኣብ ረብሓ ስራሕቲ መስኖ ተጠናኺሩ ክስራሕ ኣለዎ።

ብብዙሕ ፃዕሪን ልፍዓትን ዝተዘርአ ዘራእቲ ኣብዘይ እዋኑ ብዝመፅ ዝናብ ጉድኣት ኣብፂሑ ኣብ ሓረስታይን ማሕበረሰብን ቅድሚ ጉድኣት ምብፅሑ ክንበፅሖሉ ይግባእ፡፡ ጉድኣቱ ቀኒስኻ ኣብ ረብሕኡ ትኹረት ምግባር። እዚ ካብ መንግስቲ ጥራሕ ትፅቢት ዝግበር ሓገዝ ኣይኮነን፡፡ ዓብይ ማሕበረሰባውን ሕብረት ቆራፅነትን ዝደሊ ሰራሕ 'ዩ፡፡ ስለዚ መንግስቲ ብዝገበረና ፃውዒት ዘራእትና ነድሕን ፡፡ ዝራእቲ ብእዋኑ ምዕፃድ ጥራሕ ዘይኾነ ዝተኣከቡ ዝራእቲ እዋኑ ብዘይሓለወ ዝናብ ብዘይጉዳእን ዉሕስ ብዝኾነ መልክዑ ብቑልጡፍ ናብ ገዝኡ ዘእትወሉ ኩነታት ክመዓራረን ይግባእ።

ድሕሪ ሒደት ዓመታት ጉዳይ ሕርሻ እናተማሕየሸ መፂኡ 'ዩ፡፡ ዘመናዊ ንምግባርን ዝሓሸ ውፅኢት ንምምፃእን ብሜካናይዜሽን ዝተሓገዘ ክኸውን ተገይሩ 'ዩ፡፡ ብሉፅ ዘርኢ፣ ዘመናዊ ድኹዒን ትራክተራትን ኣብ ምጥቓም ፅቡቕ ስራሕቲ ተሰሪሖም 'ዮም፡፡ ኣብ ዝሓለፉ ኣርባዕተ ዓመታት ሕርሻ ኢትዮጵያ ብዝተኻኣለ መጠን ንቕድሚት ዝኸደሉ ኩነታት ተራእዩ 'ዩ ፡፡

ኣብ ፍርያት ስርናይ ፅቡቕ ውፅኢት ከም ዝተመዝገበን ክሳብ ንደገ ሰደድ ከምዝተገብረን ዝዝከር 'ዩ፡፡ መንግስቲ ኣብ ሕርሻ ጥራሕ እንተይኮነስ ኣብ ዝተፈላለዩ ዘርፍታት ኢኮኖሚ 'ውን ብዙሓት ስራሕቲ እናሳለጠ 'ዩ ዝርከብ፡፡ ንኣብነት ሕርሻ ኣብ ምዝማን፣ ቱሪዝም ወዘተ ዝሰርሖም ዘለዉ ስራሕቲ ዝበራታትዑ ተግባራት 'ዮም። ኮይኑ ግና ብፍሉይ ኣብ ሕርሻ መሰረት ኹሉ ብምዃኑ ካብዚ ንላዕሊ ተጣናኺሩ ክስራሕ ይግባእ፡፡

ክልላት ሃገርና ኣብዚ ጉዳይ እዚ ብግቡእ ተረዲኦን ብዝግባእ ክደፍኣሉ ኣለዎን፡፡ ብፍላይ ኣብ ትግራይ ብዙሓት ዘይተሰርሑ ስራሕቲ ኣለዉ፡፡ ብዝነበረ ዘይምቹ ኩነታት ዝተልዓለ ኣብዞም ልዕል ኢሎም ዝተጠቐሱ ዘርፍታት ብዝግባእ ዝተሰርሐሉ ኣይኮነን። ኣብዝሓፈ መሰረት መነባብሮ ህዝቢ ትግራይ ድማ ኣብ ሕርሻ ዝተደረኸ ብምዃኑ ኣብ ከም እዚኦም ዝበሉ ነገራት ጠመተ ተዋሂብዎም እንተተሰሪሖም ህይወት ህዝቢ ትግራይ ምቕያር ይከኣል 'ዩ፡፡ ስለዚ እዚ ኣጋጢሙ ዘሎ ግዚኡ ዘይሓለወ ዝናብ ዘምፅኦ ረብሓ ብኣግባቡ ብምጥቃም ፤ዘምፅኦ ጉድኣት ድማ ቀዲምኻ ኣብ ምክልኻል ዓበይቲ ስራሕቲ ንክስርሑ ትፅቢት ዝግበር ኣብዚ እዋን 'ዩ፡፡

> **እቲ ማይ ብፍላይ ኣብ ምህርቲ ጣፍ ሓደጋ ከየስዕብ ብእዋኑ እናተዓፀደ ንክኹመርን እንተተኻኢሉ ተኣኪቡ ናብ ጎተራ ንኽኣትው ምስ ሓረስቶት ተረዳዲእኻ ክስራሕ ይግባእ**

# እዋናዊ ዛዕባ

## “ጥምየት ብዘላቕነት ንምጥፋእ ብብርኪ ዓለምለኸ ዝተዋደደ ተግባራዊ ምላሽ የድሊ”

**- ቀደማይ ሚኒስትር ኣቢይ ኣሕመድ (ዶ/ር)**




**ኣብርሃ ሓጎስ**

ጥምየት ንምውጋእ ሓባራዊ ምላሽ ከምዝሓትትን፤ ነዚ ‘ውን ንውሕስነት ምግቢ ዝኸውን ቐረብ ዓለም ለኸ ድጋፍ፣ ዶብ ዝዘለለ ልምምድ ምክፋል ፍልጠት፣ ንፍትሓዊ ተበፃሕነት ዝሕግዝ ምንባብ ፖሊሲ ኢሉ ‘ውን ንደቂ ኣንስትዮ ጠመተ ዝህብ ስራሕቲ ድጋፍን ኣድላዪ ከምዝኾነ ዝንፀባርቁን ካልኦትን መልኽታት ዘተመሓለለፈሉ ኣብ ኢትዮጵያ ዝተኻየደ ጉባኤ ”ካብ ጥምየት ነፃ ዓለም” ኣብ ዝኸሪ ዓወት ዓድዋ እንትዛዘም፤ቀደማይ ሚኒስትር ኣቢይ ኣሕመድ (ዶ/ር) ሓዊሱ ፕረዝዳንት ኬንያ ዊሊያም ሩቶ፣ ፕሬዝዳንት ሴራሊዮን ጁሌስ ማዳባዬ፣ቀዳማይ ሚኒስትር ጊኒ አማዱ ኡሪ ባህ፣ሚኒስትር ድኤታ ጉዳያት አፍሪካ ዓረብ ኤምሬትስ ሸኽ ሻክቦት ቢን አልናህያን ኣብቲ ጉባኤ ዝተሳተፉ ዝተፈላለዩ መራሕቲ ሃገራትን ዓለምለኸ ትካላትን አብ ዝተረኸብሉ ዘሕለፍዎ መልእኽታት ብውስን መልክዕ ከምዚ ዝስዕብ ይቀርብ።

ኣብቲ መዛዘሚ ጉባኤ ዝተረኸቡ ቀደማይ ሚኒስትር ኣቢይ ኣሕመድ (ዶ/ር)፤ምኽንያት ኣርብዓ ቢሊዮን ፈልስታት ብዝተተኸሉሉ መፍረያይነት ብዘዕብዩ ስራሕቲ ለውጢ፣ ብልምዓት ድርቂ ዝፃወሩ ኣዝርእቲ፣ ብስራሕቲ መርሃ ግብሪ ሓምለዋይ ዓሻራ ከምኡ ‘ውን ብዘላቒ ስራሕቲ ግብርና ዝተርኣየ ስጉምቲ ኢትዮጵያ ኣብ ጉባኤ ”ካብ ጥምየት ነፃ ዓለም” ከምዝቀረበን ብኢትዮጵያ ተፍርይ፣ ብጥሙር ስራሕቲ ፈጠራ ስራሕ ፓርክታት ኣግሮ ኢንዱስትሪ፣ ብዕብየት ኣታውን ፅንዓትን ዝተርኣዩ ኢንቨስትመንትታት ኣብ ዘፈር ግብርና ዓለም ግደ ኢትዮጵያ ምጥንኻሮም ብምገላፅ፤ኣብቲ ጉባኤ ኣዝዮም ዝረብሑ ዘተታት ነክዕወቱ ኣስተዋፅኦ ንዝገበሩ ተሳተፍቲ ‘ውን ካብ ልቢ ከምዘመስግኑ፤ ኣብ ማሕበራዊ ሚዲየኦም መልእኽቲ ኣሕሊፎም ‘ዮም።

ጥሜት ንምውጋድ ዓለም ለኸ ምትሕብባር ከምዘድሊ ዝገለፁ ናይቲ ጉባኤ ተሳታፊ ዝኾኑ ፕሬዚዳንት ኬንያ ዊሊያም ሩቶ ድማ፤ ምጉዳል ማዕርነት፣ ሰፊሕ ድኽነት፣ ጎንፅን ምዝባዕ ኩነታት ፀባይ ኣየር፣ ጥሜትን ዛጊድ ፍታሕ ዘይተረኸበሎም ምኳኖምን ብፍላይ ብጎንፅን ሓደጋ ተፈጥሮን ንእትሕመስ ዘላ ዓለም ጥሜት ምጥፋእ ህፁፅ ምላሽ ዝሓትት ጉዳይ ምኻኑ ብምምልካት፤ ካብዚ ዘሕዝን ዕንወት እንወፀሉ ብሕታዊ መንገዲ ሓበራዊ ምትሕብባር እንትህሉ ጥራይ ምኻኑ እቶም ፕረዝዳንት አስሚሮምሉ ‘ዮም።

ምርግጋፅ ውሕስነት ምግቢ ሓላፊነት መንግስቲ ጥራሕ ዘይኮነስ ዓለም ለኸ ትካላት፣ ናይ ሲቪል ማሕበራት፣ ምሁራንና ናይ ውለቀ ዘፈራት ወሳኒ ግደ ከምዘለዎም ዝገልፁ ፕሬዚዳንት ሪፐብሊክ ሴራሊዮን ጁሊየስ ማዳ ባዮ ብወገኖም፤ኣብ ኣፍሪካ ዝስትውዐሉ ፀገማት ምግቢ ንምፍታሕ ናይ ሓባር ፃዕሪ ኣድላይ ‘ዩ ብምባል፤ ብቴክኖሎጂን ብፖሊሲን ዝተሓገዘ ኣሰራርሓ ተግባራዊ ምገባር እንተተኻኢሉ ምርግጋፅ ውሕስና ምግቢ ከቢድ ኣይኮንን ይብሉ።

ካብ ጥምየት ነፃ ዓለም ንምፍፃር ከምዝክኣል ኢትዮጵያ ኣብ ፍርያት ስንዳይ ዘርአየትሉ ውፅኢት ኣብነት ከምዝኸውንን ብምምስካር ኣብ ሴራሊዮን ውሕስና ምግቢ ንምርግጋፅ፤ መንግስቲ እቲ ግብርና ብፋይናንስን ቴክኖሎጂን ዝተሓገዘ ኣሰራርሓ ብምኽታል ስራሕቲ መፍረያይነት ምዕባይ እናተሰርሐ ምኻኑ ብምሕባር፤ ኣፍሪካ ካብ ጥምየት ነፃ ንምውፃእ ኣብ ዝትገብሮ ፃዕሪ ሴራሊዮን ዓብይ ግደ እናተፃወተት ከምእትርከብ ገሊፆም ‘ዮም።

ካብ ጥሜት ናፃ ዓለም ንምፍጣር ኣብ ኢንቨስትመንትን ፈጠራ ዕድል ስራሕን ምድሃብ ይግባእ ዝበሉ ድማ ዳይሬክተር ጀነራል ትካል ልምዓት ኢንዱስትሪ ውድብ ሕቡራት መንግስታት (ዩኒዶ) ገርድ ሙለር፤ “ኢንቨስትመንት ምስፍሕፋሕ” ብዝብል መሪሕ ሓሳብ ኣብ ኢትዮጵያ ዝተኻካየደ ካብ ጥሜት ናፃ ዓለም ኮንፈረንስ ኣብ ዝተሳተፉሉን መደረ ኣብ ዝገበረሉን ‘ዩ፡፡

እዚ ኣብ ዝተገለፀሉ መድረኽ ሚኒስትር ኢንዱስትሪ መላኩ ኣለበል ድማ፤ ጥሜት ኢትዮጵያ ንኸብቅዕ ንሓረስቶትን ኢንተርፕራይዛትን ብምሕጋዝ ዕድል ስራሕ እናፈጠረት ከምዝትረከብ ብምግላፅ፤ ዓውዲ ኣፍረይቲ ኢንዱስትሪ ኢትዮጵያ ኢኮኖሚያዊ ዕቤት ንምምፃእን ውሕስና ምግቢ ንምርግጋፅን ብትኹረት እናተሰርሐ ከምዝኾነ የብርሁ፡፡

ጉባኤ “ካብ ጥሜት ናፃ ዓለም” ብኢትዮጵያ፣ ሕብረት ኣፍሪካን ኣብ ውድብ ሕቡራት መንግስታት ትካል ልምዓት ኢንዲስትሪ (ዩኒዶ)ን ብምትሕብባር ዝተሰናደአ ‘ዩ።ተሳተፍቲ መራሕቲ ዝተፈላለያ ሃገራት ናብ ሃገሮም ኣብ ዝተመስሉ፤ሚኒስትር ዴኤታ ሚኒስቴር ጉዳያት ወፃኢ ኣምባሳደር ብርቱካን ኣያኖ ኣብ ዓለም ለኸ መዕርፎ ነፈርቲ ቦሌ ተረኺበን ነቶም ኣጋይሽ ምፍናው ብምግባር ምዝዛሙ ‘ውን ካብ ሓበሬታ ሚኒስቴር ጉዳያት ወፃኢ የመላኽት፡፡





## “መንደር ቤኑና ይክኣል ብዓይንና ዝረአናሉ ‘ዩ”

**ቀዳማይ ሚኒስትር ኣብይ ኣሕመድ (ዶ/ር)**

**ኣብርሃ ሓጎስ**

ኣብዚ ሰሙን ኣብ ዝተፈላለዩ ሚድያታት ሃገርና ብስፍሓትን ብትኹረትን ኣጀንዳ ኮይኖም እናተዘዋወሩ ካብ ዝቀነዩ ሓደ ኣብ ገማግም ቀላይ በሰቃ ተመስሪቱ ዝተኸፈተ ሓዱሽ መንደር ቤኑና ‘ዩ። ኣብዚ ቀዳማይ ሚኒስትር ኣብይ ኣሕመድ (ዶ/ር) ተረኺቦም ኣብ ዝመረቅሉ እዋን ዘሕለፍዎ መልእኽቲ ሓዊሱ ካልኦት ኣብ ዝተፈላለዩ ዓለምለኸ ትካላት ብሓላፍነት ዝሰርሑ ዓበይቲ ሰባት ብዛዕባ እቲ መዘንግዒ መንደር ዝበልዎ ከምዚ ዝስዕብ ይመስል።

መንደር ቤኑና ኣብ ወሰን ቃላይ በሰቃ ኣዚዩ ዘበናዊ መደቀሲ ክፍሊታት፣ ኣዳራሽ፣ እንዳ ሲኒማን መዘናግዒ ቦታታትን፣ ስፓ፣ ከምኡ ‘ውን ልምዓት ፍረምረን ትሩፋት ሌማትን ኣካቲቱ ዝሓዘ ‘ዩ፡፡ብሰንበት 1 ሕዳር 2017 ዓ.ም ቀዳማይ ሚኒስትር ኣቢይ ኣሕመድ (ዶ/ር) መሪቖም ኣብ ዝኸፈትሉ እዋን ኣብ ዘመሓላለፉዎ መልእኽቲ፤ “መንደር ቤኑና ንይከኣል ‘ዩ ብዓይንና ዝረኣናሉ ‘ዩ” ክብሉ ብምገላፅ ዘይክኣል ነገር ከምዘየሎ ምርግጋፆም ይዛረቡ።

ቀዳማይ ሚኒስትር ኣቢይ (ዶ/ር) ኣብቲ እዋን ምርቓት ወሲኹም ከምዝገለፅዎ፤ እቲ ከባቢ ኣዚዩ ኣፀጋሚ ጠባይ ኣየርን መልክዓ ምድሪን ከምዘለዎን እዚ ኹሉ ኣፀጋሚ ብምፅዋር ውቑብ ምስሊ ዘለዎ መንደር ጋህዲ ምግባር ከምዝተኽኣለን፤ መሰል ፈተናታት ንኢትዮጵያ ካብ ምቕያር ጠጠው ከምዘየብልዎም ዳግም ዘረጋገፅዎ ከምዝኾነን መንደር ቤኑና ኣፀገምቲ ኩነታት ተፃዊርካ ሃገር ብትግሃት ንምልዋጥ ትምህርቲ ዝውሰደሉ ከምዝኾነ ‘ዮም ዘብርሁ።

ኣብ ቀላይ በሰቃ ሕቡእ ፅባቐ ገሊፅና ኣለና ዝብሉ ቀዳማይ ሚኒስትር ኣቢይ (ዶ/ር)፤ እቲ ዝተገለፀ ምሸጥር ‘ውን “ቤኑና መንደር” ዝብሃል ካብ ጥቓ ከተማ መተሃራ ኣብ ቀረባ ርሕቐት ኣዋሽ ብሄራዊ ፓርክ ዝርከብ፤ ካብ ገፀ ምድሪ እሳተ ገሞራ ናብ ሰላም ዝህብ መሀደሲ ቦታን ሓምላዋይ ሕርሻ መሬትን ብዘገርም መንገዲ ተለዊጡ ኣሎ ክብሉ ይግልፁ።

ብተመሳሳሊ መንደር ቤኑና ቱሪዝም ኢትዮጵያ ንምንቕቃሕ ዓቕሚ ዝፈጥር ሰሓቢ ስፍራ ከምዝኾነ ዝገለፃ ድማ ኣብ ባንኪ ዓለም ዋና ዳሬክተር ኤርትራ፣ኢትዮጵያ፣ደቡብ ሱዳንን ሱዳንን ዝኾና መርየም ሳሊም ‘የን፡፡ መንደር ቤኑና ሰሓቢ ስፍራ መስሕብ ቱሪዝም ከምዝኾነን ኣብቲ ከባቢ ዝተፈጠረ ፍልፍል ሓጎስ ንምክፋል ኣብ ቀፃሊ ምስ ቤተሰበን ብምኻን ኣብቲ ከባቢ ንምዝንናይ ከምዝመፃ ‘ውን ተዛሪበን ‘የን።

ብተወሰኺ እቲ ከባቢ ንመፍረያይነት ግብርና ምቹው ምኻኑ ምዕዛበን ዝሓበራ እተን ዋና ዳይሬክተር፤ መንደር ቤኑና ንመስሕብ ቱሪዝም ዓብይ ዓቕሚ ብምፍጣር ታሪኻዊ ስራሕ ዝተሰርሐሉ ከባቢ ‘ዩ ብምባል ከምኡ ‘ውን ፍልፍል ኣታዊ ዜጋታት ብምስፋሕ ንዕቤት ሃገር ዝጠቕሙ ስራሕቲ ልምዓት እናተሳለጡ ከምዝርከቡ ‘የን ዘረድአ።

ከምኡ ‘ውን ኣምባሳደር ሕብረት ኣውሮፓ ኣብ ኢትዮጵያ ሶፊ ፈሮም- ኢሜስበርገር፤ “መንደር ቤኑና ልምዓት ቱሪዝምን ግብርናን ዘጣመረ ውቑብ መስሕብ ቱሪዝም ‘ዩ” ክብሉ ገሊፀምዎ ‘ዮም።

ህንፀት እቲ መንደር ባህላዊ ጥበብ ኪነ-ህንፃ ምስ ዘበናዊ ህንፀት ኣዋዲዱ ዝሓዘ እንትኸውን፤ ነቲ ከባቢ ተወሳኺ ዓቕሚ ቱሪዝም ዝፈጠረ ውቑብ መስሕብ ዝኾነን ብመንግስቲ ኢትዮጵያ፣ ብውለቀ ዘፈርን ብምትሕብባር መንግስቲ ሕቡራት ዓረብ ኢምሬትስ ዝተሃነፀን ብሆቴል ስካይላይት ናይ ምምሕዳር ስራሕ ንክፍፀም ሓላፊነት ዝተውሃበ ምኻኑ ‘ዩ ዝሕበር፡፡

ከም ሓበሬታ ቤት ፅሕፈት ቀዳማይ ሚኒስቴር፤ ኣብ ዝቕፅል ዓሰርተ ዓመታት ቱሪዝም ንዓለም ኢኮኖሚ 16 ትሪልዮን ዶላር ዘበርክትን ናብ 450 ሚሊዮን ንዝኾኑ ሰባት ድማ ዕድል ስራሕ ዝፈጥር ዘፈር ከምዝኸውን እናተተነበየ’ዩ ዘሎ። ከም መንደር ቤኑና ዝበሉ ናይ ቀዳማይ ሚኒስትር ኣብይ( ዶ/ር) ትልሚ ስራሕን ውፅኢትን ብብረኪ ሃገር ዕውት ጉዕዞ እቲ ዘፈር ዝፀርጉ ‘ዮም። ኢትዮጵያ ፃንሒት እዋን ጎብነይቲ ኢትዮጵያ ዘርክዕ ንክኸውን ቦታታት መስሕብ ቱሪዝም ተመሓይሾም ንዓለምለኸ ደረጃ ንክምጥኑ ብምግባር ካብ መላእ ዓለም ጎብነይቲ ብምስሓብ ዝተትረፍረፈ ተፍጥሮኣዊ ፅባቐኣ፣ ታሪኻን ባህላዊ ሃፍታን ንምርኣይ ቆሪፃ ተላዒላ ኣላ።

# ዕዱም ጋሻ

# ‹‹ሕብረተሰብና ብሕማም ዓሶ ከይጥቃዕ ግቡእ ጥንቃቐ ክገብር ኣለዎ››

-ኣይተ ገብረመድህን ክንፉ
ኣብ ቢሮ ጥዕና ክልል ትግራይ ክኢላ ምቑፅፃርን ምክልኻልን ሕማም ዓሶ

መኣርግ ገ/ሄር



ሕማም ዓሶ እንታይ ‘ዩ? ዝብል ብተወሰነ ደረጃ ንምርኣይ ዝኣክል፣ ሕማም ዓሶ ብምኽንያት ፅግዕተኛ ታህዋስያን ዝመፅእ ‘ዩ። ምልክታት እቲ ሕማም ወይ ዓሶ ድማ ረሃፅ፣ ሕማም ርእሲ፣ ምቑራር፣ ረስኒን ተምላስን ዝመሳሰሉ ‘ዮም፡፡ሓደ ሓደ ግዜ እቶም ምልክታት ካብ 48 ክሳብ 72 ሰዓታት እናፀንሑ ዳግማይ ይረኣዩ፤ እዚ ከም ነቲ ውልቓ ሰብ ዘጥቕዑ ታህዋስያን ዓይነትን በቲ ሕማም ተታሒዙ ዝፀንሐሉ እዋንን ‘ዩ ዝውሰን። ብተወሳኺ ዓሶ ዝመሓላለፍ ፕላስሞድያ ተባሂሎም ብዝፅውዑ ባክተርያታት እንትኾኑ ናብ ውሽጢ ደም ዝኣትዉ ባክተርያታት ድማ ኣኖፈሊስ ብትብሃል በራሪት ነብሳት ምኽንያት ‘ዩ፡፡ድሕሪኡ እቶም ባክተርያ ኣብ ውሽጢ ቀያሕቲ ዋህዮታት ደም ምርባሖም ይቕፅሉ። ብሓፈሻ እዚ ወቅቲ እዚ ሕማም ኣሶ ብሰፊሑ ዝረኣየሉ ምስ ምኳኑ ተተሓሒዙ ኣብ ክልልና ክልል ትግራይ ዘሎ ኩነታት እንታይ ከምዝመስል ኣብ ቢሮ ጥዕና ክልል ትግራይ ክኢላ ምቑፅፃርን ምክልኻልን ሕማም ዓሶ ኣይተ ገብረመድህን ክንፉ ከምዝስዕብ ፃኒሕት ገይርና ኣለና፤ ሰናይ ንባብ፡፡

**ወጋሕታ፡- ምስ ሕማም ዓሶ ተተሓሒዙ ኣብዚ በጀት ዓመት እዚ ክስርሑ ዝተሓሰቡ፣ እናተሰርሑ ወይ ዝተሰርሑ ስራሕቲ እንተሃልዮም እንታይ ከምዝመስሉ ተዝገልፁልና፧**

**ኣይተ ገብረመድህን፡-** ምስ ሕማም ዓሶ ተተሓሒዞም ኣብዚ በጀት ዓመት እዚ ዝተፈላለዩ ስራሕቲ እናተሰርሑ ‘ዮም፡፡ብፍላይ ኣነ ክኢላ ምክልኻልን ምቑፅፃርን ሕማም ዓሶ ምስ ምኳነይ ተተሓሒዙ ኣብዚ ጉዳይ እዚ ክገልፅ እንተለኹ፣ ኣብዚ ወቕቲ እዚ ሕማም ዓሶ ብስፍሓት ዝኽሰተሉ ኩነታት ምኳኑ ስለ ዝፍለጥ ብእኡ ልክዕ ብቢሮ ደረጃ ይኹን ክሳብ ታሕቲ ትልሚ ይዳሎ ‘ዩ፡፡እቲ ትልሚ ከዓ ምስ ዘለካ ሃፍት ገነት መሰረት ገይሩ ዝዳሎ ኮይኑ ቢሮ ጥዕና ክልል ትግራይ ‘ውን ብኡ መሰረት ገይሩ ተዳልዩ ‘ዩ ናብ ስራሕ ኣትዩ ኣሎ፡፡ከም ኣብነት እቶም ክስርሑ ተተሓዙ መደባትን እናተሰርሑ ዝመፁን እቲ ሓደ ነፀጋ መንበሪ ኣባይቲ ‘ዩ ነይሩ፡፡ምስቲ ውስንነት ቐረብ ኬሚካል ኣብ 6ወረዳታት ነፀጋ ተኻይዱ ‘ዩ፡፡ኣስታት 145 ዝኾን ገዛውቲ ነፀጋ ተገይሩሎም ‘ዩ። በዚ ልዕሊ 2ሚኢቲ ሽሕ ዝኸውን ህዝቢ ተጠቓማይ ኮይኑ ‘ዩ፡፡

ካብኡ ላምስያ፣ ከምዝፍለጥ ኣብ መወዳእታ 2015 ናብ 1 ነጥቢ 3ሚልዮን ዝኣክል ናብ 36 ወረዳታት ተኻፊሉ ‘ዩ። ላምስያ ከዓ ሰለስተ ዓመትን ልዕሊኡን ከገልግል ትፅቢት ስለዝግበር ንሱ ድማ ኣጣቓቕምኡ ብትኽክል ክኸውን ዝተፈላለዩ ጎስጋሳትን ኣስተምህሮታትን እናተገበረ መፂኡ ‘ዩ፡፡ኣብዚ ጉዳይ እዚ ከም ኣንፈት ተወሲዱ እናተሰርሐሉ መፂኡ ‘ዩ፡፡ካሊእ ናይ ከባብያዊ ፅሬት ብምክያድ፣ ናብ ማይ ሓዊስካ ዝንፀግ ኬሚካል፤ ወይ ላርቫ ዘጥፍእ ኬሚካል ብምጥቃም ናይ ነፀጋ ስራሕቲ እናተሰርሑ መፂኡ ‘ዩ፡፡ብኸምዚን ካልኦትን ናይ ምክልኻል ስራሕቲ ንኽስራሕ ትልሚ ወፂኡ እናሰራሕና መፂኢና ኢና፤ ሕዚ ምስ ምክልኻልን ምቑፅፃርን ተተሓሒዙ ዝተፈላለዩ ስራሕቲ እናተሰርሐ ይርከብ፡፡ብኡ መሰረት ‘ውን ከባቢ 3ሚኢቲ ሊትሮ ኬሚካል ናብ 26 ወረዳታት ልኢኽና ኢና፤ እዚ ናብ ማይ በፅቢፅካ ዝንፀግ ኮይኑ ናብ መራብሒ ጣንጡ ኣብ ዝተፈላለዩ ወረዳታት ተነፂጉ ‘ዩ፡፡

ከምኡ ‘ውን ብማሕበረሰብ ኣብ ናይ መራብሒ ጣንጡ ናይ ፅሬት ስራሕቲ ተሰሪሑ ‘ዩ፡፡ብተወሳኺ ገዛ ንገዛ ናይ ጎስጓሳት ስራሕቲ ተሰሪሖም ‘ዮም፡፡ሓደ ቲም ተጣይሹ ኣብ ታሕቲ እተን ቐንዲ ሕማም ዓሶ ዝመሓላለፈለን ወረዳታት ከባቢ 18 ዝኾና ኣብኡ ስራሕ ክስራሕ ተገይሩ ‘ዩ፡፡ብዝተኸኣለ መጠን ‘ውን ቐረብ መድሓኒት ካብ ዝምልከቶ ኣካል እናሓተትካ ክከፋፈል ተገይሩ ‘ዩ፡፡ከምዚ ኮይኑ እንደጋና ሕዚ እንታይ ተጌሩ ኣሎ እንተይልና ናብ 27 ወረዳታት ክኢላታት ብጉጅለ ተጣይሹ ነቲ ሕማም ንምግታእ ተባሂሉ ናብ 27 ቐንዲ ሕማም ዓሶ ዘለዎን ወረዳታት ሓይሊ ሰብ ተላኢኹ ኣሎ። ስለዚ እቲ ዓሶ እናወሰኸ ብዝኸደ ቑፅሪ እቲ ቢሮ ዝህቦ ግብረ መልሲ ‘ውን ብኡ ልክዕ ‘ዩ ዝሰርሕ ዘሎ፡፡ብሓፈሻ ብፍላይ እዚ ወቕቲ እዚ ብስፍሓት ሕማም ዓሶ ዝረኣየሉ ምስ ምኳኑ ተታሓሒዙ ኣብ ምክልኻላት እዚ ሕማም ዓሶ ሰፋሕቲ ስራሕቲ ዝተሰርሑ ኮይኖም ብፍላይ በቲ ዝወፀ ትልሚ መሰረት ከምዚኦም ዝበሉ ስራሕቲ እናተሰርሑ መፂኦም ‘ዮም፤ ሕዚ ‘ውን እናተሰርሑ ይርከቡ፡፡

> **ኣብዚ ሰለስተ ወርሒ ማለት ርብዒ ዓመት ከባቢ 93 ሽሕ ዝኾኑ ወገናት ብሕማም ዓሶ ተታሒዞም**

**ወጋሕታ፡- ብበዝሒ ሕማም ዓሶ ዝረኣየሉም ከባቢታት ተዝገልፁልና፧ ከምኡ ”ውን ኣብዚ ዓመት እዚ ክሳብ ሕዚ በዚ ሕማም እዚ ዝተተሓዙ ወገናት ብቑፅሪ ምግላፅ እንተተኻኢሉ፧**

**ኣይተ ገብረመድህን፡-** እተን ወረዳታት ብዙሓት ‘የን፤ ግና ንምጥቓስ ዝኣክል ከም በዓል ኣስገደ፣ ፅምብላ፣ ቐይሕ ተኸሊ፣ ድሒሩ ድማ ከም እኒ በዓል ሳምረ፣ ራያ ጨርጨር፣ ራያ ኣላማጣ ዝበላ ወረዳታት እናተወሰኻ ዝመፃ ዘለዋ ‘የን፡፡ኮይኑ ግና ከባቢ 27 ዝኾና ወረዳታት ‘የን፡፡ዋላ ‘ውን ኣብተን ቕድሚ ሕዚ ብዙሕ ዘይረኣየለን ኣብ ከም እኒ በዓል እንደርታ ዝበላ ወረዳታት እቲ ሕማም ተራእዩ ‘ዩ፡፡ብጀካ ውሱናት ከም ደጉዓ ዝበላ ከባቢታት መብዛሕትኡ ከባቢታት ትግራይ ዳርጋ እቲ ሕማም ዓሶ ዝርከበሉ ‘ዩ፡፡እዚ ሕማም ዓሶ እዚ ኣብ ብርክት ዝበላ ወረዳታት ‘ዩ ዝረአ ዘሎ፡፡

ካሊእ በዝሒ ብሕማም ዓሶ ዝተተሓዘ ክንርኢ እንተለና ኣብዚ ናይ ሰለስተ ወርሒ ማለት ርብዒ ዓመት ከባቢ 93 ሽሕ ዝኾኑ ወገናት ብሕማም ዓሶ ተታሒዞም ‘ዮም፡፡ካብዚኦም መብዛሕቲኦም ተሓኪሞም ናብ ገዝኦም ተመሊሶም ‘ዮም፡፡ማለት እዚኦም እቲ ሕማም ዓሶ ዝተረኣየሎም ኮይኖም ብድሕሪኡ ክልተ ሰሙን ወሲኽናሉ ኣለና፤ ድሕሪኡ ‘ውን ዝተተሓዙ ኣለዉ፤ ስለዚ ልዕሊ 93 ሽሕ ከምተታሓዙ ‘ዩ ዘሪኣካ፡፡ምውሳኽ ድማ ባህሪያዊ ‘ዩ፡፡ምኽንያቱ እቲ ወቕቲ ንምርባሕ ጣንጡ ዝምቹው ‘ዩ፡፡ኮይኑ ግና ካብቲ ቕድሚ ኩናት ዝነበረ ንሪኦ ዝነበርና ኣዝዩ እናወሰኸ ብምኻዱ ንሱ ‘ውን ናይ ምዕራብ ይኹን ናይ ሰሜን ምዕራብ ክፋላት ሪፖርት እንተይሓወሰ ማለት ‘ዩ፡፡ብምኳኑ እናወሰኸ ይኸይድ ከምዘሎ ‘ዩ ዘሪኣካ፡፡ዋላ ካብቲ ናይ ዓሚ ዝነበረ ኣዝዩ ወሲኹ ‘ዩ፤ ኮይኑ ግና እተን ናይ ዓሚ ሪፖርት ዝገብራ ዝነበራ ምስ ናይ ሎሚ ዝገብራ ዘለዋ ማዕረ ኣይኮነን፤ ምኽንያቱ ሎሚ ዘበን ብዙሓት ወረዳታት ሪፖርት እናገበራ ‘የን ዘለዋ፡፡ኣብ ናይ ዓሚ ሪፖርት ናይ በዓሉ ውስንነት ነይርዎ ‘ዩ፡፡ብዝኾነ ሕማም ዓሶ ብጣዕሚ ‘ዩ ወሲኹ ዘሎ፡፡እዚ ዘርእየካ ድማ በቲ ዝውስኾ ዘሎ መጠን ብዙሕ ስራሕ ከንሰርሕ ከምዘለና ‘ዩ ዘርኢ፡፡ስለዚ ብሓፈሻ ብሕማም ዓሶ ዝተትሓዘ ሰብ ክንርኢ እንተለና ልዕሊ 93 ሽሕ ‘ዩ ዝኸውን፡፡ካብ ሓምለ ጀሚሩ ‘ውን ናብ ከባቢ 9 ሰባት በቲ ሕማም ዓሶ ሂወቶም ክስእኑ ክኢሎም ‘ዮም፡፡

**ወጋሕታ፡- ሕማም ዓሶ ብኸመይ ምክልኻል ከምዝግባእ ኩሉ ሕብረተሰብ ተመሳሳሊ ርድኢት ስለዘይብሉ ወይ ሕብረተሰብና ግንዛበ ንክህልዎ ቀንዲ ምኽንያታት ሕማም ዓሶ ተዝገልፁልና፧**

**ኣይተ ገብረመድህን፡-** ሕማም ዓሶ ብሓፈሻ ምስ ክሊማ ወይ ኩነታት ኣየር ‘ዩ ዝተሓሓዝ፤ ማለት ጠሊ፣ ዝናብ፣ ሙቐት ዝመሳሰሉ ክህልዉ እንተለዉ እቲ ኩነታት ዓሶ ከምዝውስኽ፤ መተሓላለፊኡ እቲ ሕማም ድማ ብጣንጡ ‘ዩ፤ ማለት ፕላዝሞድየም ብዝበሃል ተሃዋስያን ‘ዩ፡፡ስለዚ ብንክሲት ጣንጡ ኣቢሉ ካብ በቲ ሕማም ዓሶ ዝተተሓዘ ሰብ ናብቲ ካሊእ ዘይ ሓመመ ሰብ ዝመሓላለፍ ምኳኑ እቲ ማሕበረሰብና ክፈልጦ ኣለዎ፡፡ፈሊጡ ድማ ክጥንቐቕ ኣለዎ፡፡እዚ መብዛሕትኡ ሰብ ይፈልጦ ‘ዩ፡፡ ኮይኑ ግና ከምቲ ቕድም ዝበልካዮ ኩሉ ሰብ ስለ ዘይፈልጦ ግልፂ ምግባር ፅቡቕ ‘ዩ፡፡ዓሶ ከመይ ይመሓላለፍ ኩሉ ሰብ ማዕረ ርድኢት የብሉን፡፡ዝተወሰነ ሰብ እኹል ርድኢት ክህልዎ ክህልዎ ይኽእል ‘ዩ፡፡ኩሉ ሕብረተሰብ ግና እኹል ርድኢት ኣለዎ ከንብል ኣይንኽእልን፡፡ወይ ድማ ገሊኡ ሕማም ዓሶ ኣቕሊሉ ስለዝርእዮ በዚ ኣቢሉ ድማ ሸለልትነት ‘ውን ክህልዎ ስለ ዝኽእል ብቐሊሉ ክተሓዝ ይኽእል ‘ዩ፡፡ ስለዚ ሕማም ዓሶ ኣቕሊልና ክንሪኦ የብልናን፡፡

ሕብረተሰብና ብሰብ ሞያ ዝወሃቦ ሓበሬታ ክተግብር ኣለዎ፡፡ማለት ከም ብሬድዮ፣ ቴሌቪዥንን ካልኦት ሚድያታትን ዝወሃቦ ሓበሬታ፤ ሰብ ሞያ ‘ውን ኣብ ኣኼባታትን ሓደ ሓደ ትካላትን ተረኺቦም ኣስተምህሮ እንትህቡ ብዝግባእ ክንጥቐመሉ ኣለና፡፡ዝወሃበና ኩሉ ሓበሬታ ክንጥቐመሉ ኣለና እንተኽኢልና በቲ ሕማም ዘይክንተሓዝ ንኽእል ኢና፡፡ብሓፂሩ እቲ ኣገባብ ኣካላኽልሉ ምኽሪ ሰብ ሞያታት ሰሚዕኻ ምትግባር ‘ዩ። ንኣብነት ላምስያ ብኣግባቡ ተጠቒም ክበሃል እንተሎ ክጥቐም ኣለዎ፡፡ካብ ምክልኻል ዓሶ ወፃኢ ንኻሊእ ከውዕሎ የብሉን፡፡ከምዚኦም ዝበሉ ምኽርታት ሰሚዕኻ ምትግባር የድሊ፡፡

ካሊእ ኣብ ከባብያዊ ፅሬት ምስታፍ፣ እንደገና ምልክት ክረኣዮ ከሎ ቐልጢፉ ናብ ትካላት ጥዕና ከይዱ ምሕካም የድሊ፡፡ክሕሸኒ ‘ዩ እናበለ ክዛናጋዕ የብሉን፤ ግዜ ክህብ የብሉን፤ ግዜ እንተሂብካዮ ክሳብ ሞት ከብፅሐካ ይኽእል ‘ዩ፡፡እቲ ማሕበረሰብ ከም ረስንን ምቑራርን ክስመዖ እንተሎ ቐልጢፉ ናብ ትካላት ሕክምና ከይዱ ክምርመር ኣለዎ፡፡ካብኡ ድማ ብተኣዘዘሉ መሰረት መድሓኒቱ ክወስድ ኣለዎ፡፡መድሓኒት ምምቕቃል ኣይፍቐድን፤ ኣብ ሓደ ሓደ ሰባት ከምዚ ዓይነት ተርእዮታት ኣሎ። እዚ ክኸውን የብሉን፤ ስሕተት ‘ዩ፡፡ከምኡ ‘ውን እናወሰድካ እንተለኻ ብተወሰነ ደረጃ ክሕሸካ እንተሎ ክተቋርፆ የብልካን፡፡ከትውድኦ ‘ዩ ዘለካ፡፡ምኽንያቱ ዝሓሸካ መሲሉካ ክምለሰካ ይኽእል ‘ዩ፡፡እዚ ጌጋ ምኳኑ እቲ ሕብረተሰብ ክፈልጦ ኣለዎ፡፡ሕማም ዓሶ ብትኽክል እንተዘይተጠቒምካዮ እቲ ሕማም ክሳብ ሞት ዘብፅሕ ‘ዩ። ስለዚ ምኽሪ ሰብ ሞያታት ክትግበር ኣለዎ እየ ዝብል፡፡

**ወጋሕታ፡-ቢሮ ጥዕና ክልል ትግራይ ነዚ ሕማም ዓሶ እዚ ንምክልኻል ምስ መዳርግቲ ኣካላት ብሓባር እነሰርሐ እንተኾይኑ ወይ ሓገዝ እናረኸበ እንተኾይኑ እቲ ምትሕብባርን ምትሕግጋዝን እንታይ ከምዝመስል ተዝገልፁልና፧**

**ኣይተ ገብረመድህን፡-** ቢሮ ጥዕና ክልል ትግራይ ኣብ ከምዚኦምን ካልኦትን ሕማማት ምስ መዳርግቲ ኣካላት ኮይኑ ‘ዩ ዝሰርሕ፡፡ከም ምስ ሚኒስቴር ጥዕና ፣

“ሕብረተሰብና...ገጽ 6




# ‹‹ሕብረተሰብና ብሕማም ዓሶ...

ትካል መድሓኒት ፈንድ ዝመሳሰሉን ካልኦት መንግስታዊ ምስ ዘይኮኑ ትካላት ጥዕናን ብሓባር 'ዩ ዝሰርሕ፤ ኣብዚ ‹‹ኢኦሲ›› ዝበሃል ኣሎ ኩሉ ግዜ በቢሰሙኑ እናተራኸበ ዝውስን፤ ማለት ምስቶም ኣብ ጥዕና ዝሰርሑ መዳርግቲ ኣካላት እናተማያየጥካን እናተዛራረብካን ከምኡ 'ውን ውሳነታት እናሃብካ ዝስራሕ ስራሕ ኣሎ፡፡ኢመርጀንሲ ሴንተር ኣለና ኣብዙይ ምስቶም ካልኦት መዳርግቲ ኣካላት ኮይኑ 'ዩ ዝሰርሕ፡፡

**ወጋሕታ፡- ምስ እዚ ተታሓሒዙ ክቀሪ ዘይግበኦ ሓሳብ ወይ መልእኽቲ እንተሃልዩ?**

**ኣይተ ገብረመድህን፡-** ነቲ ሕማም ንምክልኻል ቆላሕታ ሂብካ ምስራሕ የድሊ፤ ሕብረተሰብና በቲ ሕማም ከይተሓዝ ጥንቓቐ ክገብር ኣለዎ፡፡ሕማም ዓሶ ንምክልኻል ናይ ቢሮ ጥዕና ትግራይ ሓላፍነት ጥራሕ ኣይኮነን፤ ካልኦት ዝምልከቶም ኣካላት 'ውን ክሳተፉ ክኽእሉ ኣለዎም፡፡ ከምቲ ልዕል ኢለ ዝገለፅክዎ ማለት ኢመርጀንሲ ሴንተር ኣለና፤ እዙይ ምስቶም ካልኦት መዳርግቲ ኣካላት ኮይኑ 'ዩ ዝሰርሕ፤ ግና ኣብዚ እንታይ ክብል እደሊ ኣነ እዚ ከምዘሎ ኮይኑ ካልኦት 'ውን ካብዚ ወፃኢ ዘለዉ ሴክተራት ኣለዋ፤ ከም ሕርሻ፣ መኣድን፣ትምህርቲ ኮታስ ንሕብረተሰብ ዘፀግም ዘሎ ሕማም ዓሶ ኣስተዋፅኦ ክገብራ ዝኽእላ ብዙሓት ሴክተራት ኣለዋ፤ ናታተን ተሳትፎ ክዓዝዝ ኣለዎ።

ካብኡ 'ውን ካልእ ናይ ምምሕዳር ማሕበር ኣሎ፤ ካብ ዞባ ጀሚሩ ወረዳ ጣብያ እናበለ ዝኸይድ፤ ብፍላይ እቲ ገባር ዓሶ ሒዝዎ ካብ ዓፂድ ቦኺሩ ዝረኣቱ ኣደዳ ባልዓትን ወቐቱ ንዘይሓለወ ማይ ከይኾን እቲ ዝምልከቶ ናይ ምምሕዳር ኣካል ንኹለን ሴክተራት ከንቐሳቕሰን ስለዘለዎ ንግዚኡ እቲ ፖለቲካዊ ሕትኹቱኽ ገዲፉ ኣብቲ ናይ ዓሶ ምክልኻል ተርኡ ክፃወት ኣለዎ ዝብል መልእኽቲ ኣለኒ፡፡

**ወጋሕታ፡- ንዝሃቡና ስፍሕ ዝበለ መብሪህርሂ ኣዚና ነመስግን፡፡**

**ኣይተ ገብረመድህን፡-** ኣነ 'ውን ስለ ዝዓደምኩምኒ ኣዝየ ኣመስግን፡፡

# እዋኑ ዘይሓለወ....

ጉድኣት ከብፅሕ ስለዝኽእል ገባር ኾነ ዝምልከቶ ኣካል ፍሉይት ኹረት ብምሃብ ዝበፅሑ ኣዝርእቲ ብምስብሳብ ብኣግባቡ ብምኹማር ስራሕቲ ምስራሕ የድሊ፡፡

ኣብ ዝቕፅሉ ሕዳር መበል ካልኣይ እዋን ዝናብ ዝረኽቡ ደቡብን ደቡብ ምስራቕን ሃገርና ዝናብ ምህላው ምችው ኩነታት ዝፈጥሩ ከምዘለዉን ፤ ብተወሳኺ ብደቡብ ምዕራብን ከባቢ ምዕራብን ዝሓሸ ገፅታ ከምዝህልዎም ኣሃዛዊ ትንበያ ሓበሬታ ከምዝሪኡ ገሊፁ 'ዩ፡፡ምስ እዚ ተደሓሒዙ ኣብዚኦምን ካልኦት ሰፋሕቲ ቦታታት ዘካትት ካብ ቀሊል ክሳብ ማእኸላይ ዝናብ ከምዝህሉ ኣመልኪቶም።ከምኡ ድማ ኣብ ማኸላይ ፣ብምብራቕ፣ ሰሜን ምብራቕ፣ ሰሜንን ሰሜን ምዕራብን ክፍልታት ሃገርና ሓሓሊፉ እዋኑ ዘይሓለወ ዝናብ ካብ ቀሊል ካሳብ ማእኸለይ ዝናብ ክህሉ ከምዝኽእል ሓበሬታ ትንበያ ይገልፅ፡፡ካብዚ ካብ ክልል ኣምሓራ ምዕራብ፣ ሰሜን፣ ማእኸላዊን ደቡብ ጎንደር፣ ምብራቕ፣ ምዕራብ ፣ሰሜን ጎጃምን ባህርዳር ዙርያ ፣ ሰሜንን ደቡብን ወሎ ፣ዋግኽምራ ፣ሰሜን ሸዋ፣ ብሄረሰብ ኦሮሞ ፍሉይ ዞባ፣ ካብ ክልል ትግራይ ሰሜን ምዕራብ፣ ምዕራብ ፣ደቡብን ደቡብ ዞባታት ምብራቕን ፣ካብ ክልል ዓፋር ፋንቲ፣ ማሂ፣ ሃሪ፣ ከምኡ 'ውን ጋቢ ዞባታት ፣ ካብ ኦሮምያ ክልል ምብራቕ፣ ምዕራብ ፣ ደቡብ ምዕራብን ሰሜን ሸዋን (ሰላሌ) ኣዲስ ኣበባ ፣ማእኸላዊ ኢትዮጵያ ክልል ዞባታት ብፍላይ ኣብ ሒደት መዓልትታት እዋኑ ዘይሓለወ ካብ ቀሊል ክሳብ ማኸላይ መጠን ዘለዎ ዝናብ ክህሉ ከምዝኽእል ኣሃዛዊ ትንበያ ሓበሬታ ዘመልከቱ እንትኾን ፤ ኣብ ዝህልዉ ደረቃት መዓልትታት ዝበፅሑ ኣዝርእቲ ምእካብ ኣድላይ ከምዝኾነ ኢንስቲትዩት ሚቲዎሮሎጂ ኢትዮጵያ ኣፍሊጡ፡፡

ኣብ ዝቕፅል ወርሒ ሕዳር ዓሰርተ መዓልትታት ዝህሊ ዛሕሊ፣ ፀኒሖም ተዘሪኦም ኣብ ዝተፈላለዩ ብርኪ ዕብየት ዝርከቡ ኣዝርእቲ፣ ንቀዋሚ ተኽልታት ከምኡ 'ውን እዋን ሓጋይ ኣብ ሓመድ ብዝተፈጠረ ዛሕሊ ብምሕጋዝ ዝተዘርኡ ከም ሽንብራን ዒያ ዝኣመሰሉ ኣዝርእቲ ጥራጥረ ዝተማለአ ዘራእቲ ንህልዎም ካብ ምግባር መንፀር ኣወንታዊ ግደ ዝህልዎ 'ዩ ኢሉ፡፡ኣብቲ መግለፂ ገባር ኩነታት ኣየር ኣብ ዝምችው ኩነታት ኣዝርእቲ ምእካብ የድሊ ክብል ኣፍሊጡ።

# ጋዜጣታትና ተነበብቲ፣ ተመረፅትን ....

እዞም ጋዜጣታት እንትጀመሩ ብዓቢይ ፕሮግራም ዓበይቲ ሰበ ስልጣንን ምሁራት ኣብ ዝተረኸብሉ 'ዮም ተመሪቆም። ክልቲኦም ጋዜጣታት ምጅማር ኣብ ታሪኽ ፕረስ 'ውን ሓደ ዓብይ ናይ ታሪኽ ለውጢ 'ዩ ኢሎም።

ጋዜጣ ወጋሕታ ንማሕበረሰብ ተዛረብቲ ቋንቋ ትግርኛ ዘንቅሕን ብልምዓት ዘሳትፍን ዓበይቲ ስራሕቲ እና ሰርሐት 'ያ መፂኣ ዝበሉ ኣይተ ፍቃዱ፣ ብዜና ዓምዲ ወቕታዊ ሓበሬታ ተመሓላልፍ፣ ብባህላዊ ዓምዲታታ ድማ ባህልታት ትግራይን ናይ ካልኦት ህዝብታት ኢትዮጵያ እናመሓላለፈት ኣብዚ በፂሓ ኣላ ኢሎም። ክሳብ ሐዚ ዓበይቲ ሃገራዊ ብዘይ ምቁራፅ ብምፅብፃብ ሕብረተሰብ ኣብ ምንቃሕ፣ ኣብ ምምሃርን ብዝተወሰነ ድማ ኣብ ምዝነጋዕ እናሰርሐት ከምዝመፅኣት ኣመልኪቶም፡፡

ብቋንቋ ትግርኛ ብዙሕ ጋዜጣ ስለዘየለ ጋዜጣ ወጋሕታ ኣማራፂ ኮይና 'ውን 'ያ መፂኣ ዘላ ዝበሉ እቶም ምክትል ዋና ስራሕ ፈፃሚ፣ በዚ 'ውን ትካል ፕረስ ኢትዮጵያ ሕብረተሰብ ንምገልጋል ዘለዎ ሓላፊነት ግደኡ ተዋፂኡ 'ዩ ኢሎም።

ተበፃሕነት ብዝምልከት ጋዜጣ ወጋሕታ ዋላ'ኳ ፅቡቓት ትሕዝቶታት ሒዛ እናወፅኣት እንተኾነት 'ውን ክንድቲ ዝድለይ ስርጭት ኣለዋ ንምባል ዘድፍር ከምዘይኮነ ገሊፆም፡፡እዚ ዘኾነሉ ድማ ኣብ ክልል ትግራይ ሰላም ብዘይምነባሩን እቲ ፖለቲካ 'ውን ዝተረጋግዐ ስለዘይነበረ 'ዩ። ሐዚ ግና ነገራት እናተቐየሩ ይኸዱ ስለዘለው ተባፃሕነት ጋዜጣ ወጋሕታ በዚ ዘለዎ ዝቕፅል ኣይኸውንን 'ዩ ክብሉ ሓቢሮም።

ኣብ ሐዚ'ዋን ትሕዝቶ ጋዜጣታት ንምምሕያሽን ጋዜጣታትና ተነበብቲ፣ ተመረፅቲ፣ ተበፃሕተን ፅዕንቶ ፈጠርትን ንምግባር ናይ ሪፎርም ስራሕቲ እናሰራሕና ንርከብ ዝበሉ ኣይተ ፍቃዱ፣ንዚ ድማ ኮሚቴ ተጣይሹ ናይ ጋዜጣታት ሪፎርም ይሰርሕ ከምዘሎን ኣብ ቀረባ እዋን ጋዜጣታትና ብሓዱሽ ቅርፂ ተመሓይሾም ለውጢ 'ውን ከመፅእ ከምዝኾነ ኣፍሊጦም፡፡

ተነባቢ ማለት ሕሶት እናፀሓፍና ሕብረተሰብ ዘጓንፅ፣ ፅልኢት እናቐስቐስና ዘይኮነስ ተልእኾና ሓሊና ትኽክለኛ ሓበሬታ ሒዝና ንመንበብቲ ሰሓባይ ዝኾነ ኣፀሓሕፋ ብምኽታል ሕብረተሰብ ንከንብበ ምግባር'ዩ ዝበሉ እቶም ምክትል ዋና ስራሕ ፈፃሚ፣ፅዕንቶ ፈጣሪ ማለት ድማ ኣብ ጋዜጣ ኣዲስ ዘመን ከምዝረአናዮ ፖሊሲ 'ውን ክሳብ ምቕያር፣ ዓበይቲ ዝተሰረቑ ንብረታት ክሳብ ምምላስን ፀገማት ሕብረተሰብ ንምፍታሕ ዝሕግዙ ፅዕነቶ ምፍጣር ዝኣምሰሉ ስራሕቲ ምስራሕ ከምዝኾነ ኣረዲኦም፡፡

ትካል ፕረስ ኢትዮጵያ ንዝሓለፉ 83 ዓመታት ነናይ ዕለት ናይ ኢትዮጵያ ኩነታት እናፀብፀበ ታሪኽ እናሰነደ ዝመፅአ ትካል 'ዩ። ኣብ ሰነፅሑፍ ታሪኽ ኢትዮጵያ 'ውን ዓብዪ ዓሻራ ኣዕሪፉ 'ዩ። ብዝተፈላለዩ ቋንቋታት እንተረኢና 'ውን ቋንቋታት ንክዓብዩ ደረስቲ ፀሓፍቲ ንክፅሕፉ እዚ ትካል ዝተፃወቶ ግደ ዓብዪ 'ዩ። ዓበይቲ ፀሓፍቲ እንትፅውዑ'ውን ምስ እዚ ትካል ምትእስሳር ኣለዎም።

ኢትዮጵያ ብዙሕነት ዘለዋ ሓንቲ ሃገር ኮይና ብዙሕ መልክዕ ዘለዋ 'ያ። ሰለዚ ነዚ ተሓሳቢ ብምግባር ትካል ፕረስ ኢትዮጵያ ብቋንቋ ትግርኛን ብሲዳማን ጋዜጣታት ወጋሕታን በካልቾን ንሕበረተሰቡ ተባፃሕቲ ንምኳን ዝጀመርሉ መበል 4ይ ዓመት ብምምልኦምን ኣብ ዘሓፉ እዋን በኣፀጋሚ እዋንት ከይተቆራረፁ ናብዚ ዓወት ብምበፅሖም ንኣንበብቲ ጋዜጣታትን ኣመራርሓን መዳለውቲ ክፍላትን ሰራሕተኛታት ትካልናን ኣመራርሓናን እንኳዕ ኣብፀሐኩም ክብል ይፈትው ኢሎም።

# ብኽነት ድሕረ...

ፍርያት እኹል ኣቕርቦት ምግቢ ንምርግጋፅ ዝግበር ፃዕሪ ንከይሳኻዕ ፅዕንቶ ይገብር 'ዩ ይብሉ።

ብክነት ፍርያት ንምርግጋፅ ኣቅርቦት ምግቢ ዝግበር ፃዕሪ ካብ ምጉዳኡ ብተወሳኺ ኣብ ሓረስታይን ኣብ ኢኮኖሚያዊ እታ ሃገርን ኪሳራ የኸትል 'ዩ ይብሉ።

ስእነት ዘመናዊ መሠረተ ልምዓት ብፍላይ ኣብ ከባቢ ገፀራት ዘመናዊ መእከቢ ፍርያታት ዘይምህላው ንብኽነት ድሕረ ምህርቲ ሓደ መበገሲ 'ዩ ዝብሉ ኣሰፋ ጥላሁን (ዶ/ር)፤ እዚ ድማ ፍርያታት ሕርሻ ንብልሽትን ንባልዓት ተጋላፂ ንክኸውን ይገብር ይብሉ።

ከምኡ 'ውን ፍርያታት ብባህላዊ መንገዲ ምእካብ ፍርያት ንጉድኣት ምጥፋእን ዝገብር 'ዩ። ደረጅኡ ዘይሓለወ እታወታት ፅርየት መፍረያይነት ፍርያት ኣዝርእቲ ይቕንስ 'ዩ ዝብሉ ኣሰፋ ጥላሁን(ዶ/ር)፤ ኣብዛ ሃገር ዝስትውዓሉ ስእነት ሰላም ካሊእ ምኽንያት ብኽነት ፍርያት ምኺኑ ይዛረቡ።

ከም ድርቅን ውሕጅን ዝበሉ ኣሰካፊ ተርእዮታት ኩነታት ኣየር ፍርያት ግብርና ዝህውኹን ብኽነት ድሕረ ምህርትን ከበኣእሱ ይኽእሉ ክብሉ የልዕሉ። ስለዝኾነ ብኽነትን ፍርያት ንምቅናስ መንግስቲ ኢትዮጵያን ዓለምለኸ ትካላትን ኣብ ዝተፈላለዩ ጉዳያት ዝተመስረተ ምትሕብባር ክህልው ኣለዎም ከብሉ ይገልፁ።

ምህናፅ ዘመናዊ ማዕኸናት ፍርያትን ምምሕያሽ መጎዓዓዚ መንገድታትን ድሕሪ ፍርያት ንዝበፅሕ ብኽነትን ኪሳራን ንምቅናስ የኽእሉ። እቶም ሓረስቶት 'ውን ብፍልጠትን ብክእለትን ብምብቃዕ ኣሰራርሕኦም ብምምሕያሽ ብኽነትን ፍርያትን ምቅናስ ይከኣል 'ዩ ይብሉ።

ጥንኩር ሰንሰለታት ብምዝርጋሕ ሓረስቶት ፍርያታቶም ዝተመጣጣነ ዋጋ ንክረክብ ብምግባር ኣብ ድሕረ ፍርያት ዝበፅሕ ኪሳራ ንክቅንስ ይገብር ይብሉ።

ቆራፅ ስጉምቲ ብምወሳድ ኢትዮጵያ ድሕሪ ምህርቲ ዝበፅሕ ኪሳራ ብጣዕሚ ብምቅናስ ናይ ህዝባ ውሕስና ምግቢ ምምሕያሽ ትኽእል ዝበሉ ዶክተር ኣሰፋ፤ እዚ ድማ ካብ መንግስቲ፣ ካብ ውለቀ ዘፈርን ምስ ዓለምለኸ ማሕበረሰብ ዝተዋደደ ፃዕሪ ትፅቢት ከምዝግበር ይገልፁ።

ብሓፈሻ ብኽነት ድሕረ ፍረያት ሕርሻ ፍርያታት ንምእካብ ብዘመናዊ ቴክኖሎጂታት ዘይምጠቃም ፣ ፀገማት መጎዓኣዝያን ኣብዛ ሃገር ዝስትውዓሉ ስእነት ሰላምን ከምኡ 'ውን ልዕሊ ዓቐን ኣጠቓቕማ ፍርያታትን ምኽንያታት 'ዮም።

ብሰንኪ ድሑር ወይ ሕማቕ ኣተሓሕዛን ከምኡ 'ውን ግቡእ ዘይኮነ ኣጠቓቕማ ፍርያትን በቢከባቢኡ ዝርኣይ ልዕሊ ዓቐን ድግስን መሰል ተግባራትን ብምግባር ዝፍጠር ብኽነት ንምክልኻል ብፍላይ ኣብ ትግራይ እናተሰርሐ ከምዘሎ ዝፍለጥ 'ዩ።

ምስ ምክልኻል ብኽነት ፍርያት ተተሓሒዙ ቴሌቪዥን ትግራይ ከምዝፀብፀቦ፤ ልዕሊ ዓቀን ተስካርን መርዓን ካልኦት ድግሳትን ምግባር ማለት ከም ህዝቢ ተወሳኺ ሓደጋ ከጋጥም ምእዋጅ ማለት 'ዩ ዝበሉ ስራሕ መካየዲ ሃገረ ስብከት ዞባ መቐለ ዝኾኑ መልኣከ ብርሃናት ገብረሰላሰ ሕሸ፤ ብዙሓት ኣብ ሽግር ዘለው ዝተፈላለዩ ክፋል ሕብረተስብ ኣብ ዘለውሉ፤ ኣስፓልት ዓፂኻ ልዕሊ ዓቀን ደጊስካ መርዓን ተስካር ምግባር ግቡእ ከምዘይኮነ ይገልፁ።

ቤተ ክርስትያን 'ውን ክንድዚ ሕረዱ ክንድዚ ፅሞቁ ከምዘይትብልን ብምሕባር እኽሊ ስለ ዝተረኸበ ጥራሕ ብሃበ ተረኸበ ከነባኽን የብልናን ይብሉ።

ኣብ ብኽነት ጥንቃቐ ክንገብር ኣለና ዝበሉ ድማ ኣብ ሃገረ ስብከት ዞባ ሰሜን ምዕራብ ትግራይ ከተማ ሽረ ንቡረእድ ተስፋይ 'ዮም።

ቤተ ክርስትያን 'ውን ካብዚ ዝዓቢ ስራሕ ስለዘይብላ ኣብዚ ግንዛበ ኣብ ምዕባይ ትኹረት ገይራ ክትሰርሕ ከምዘለዋ ዝዛረቡ እቶም መራሕቲ ሃይማኖት፤ ብፍላይ ብትእዛዝ መራሕቲ ሃይማኖት ዝግበሩ ድግሳት ኣገባብነት ክህልዎም በቢከባቢኡ ይስራሕ ከምዘሎን ካብ ትእዛዝ ቤተክርስተያን ዝኸይድ መራሒ ሃይማኖት ስጉምቲ ከምዝወሰደሉ 'ውን ይሕብሩ። ኣብዚ እቲ ተኸታሊ ሃይማኖት እንተኾነ 'ውን ብኽነት ኣብ ምንካይ ቃል ካህን ዘይቕበል እንተሃልዩ ብሃይማኖት ውግዝ 'ዩ ክብሉ የረድኡ።

ብክነት ምህርቲ ንውሕስና ምግቢ ልዑል ስግኣት ምኺኑን፤ መንግስቲ ኣብ ዘመናዊ ቴክኖሎጂታት ኢንቨስት ብምግባር፣ ዘላቒ ኣሰራርሓታት ምፍላጥን ክህልዎ ከምዘግባእ ሰብ ሙያ ውሕስነት ምግቢ የረድኡ፡፡ርክብ ሰንሰለታት ኣፍረይቲ ሓረስቶት ብምጥንኻር ንዘፈር ግብርና ፈተናታት ኣብ ምፍታሕ መንግስቲ ከተኩር ከምዘለዎን፤ ልዕሊ ዓቅሚ ድግሳትን ኣብ ዝግበረሎም ከባቢታት 'ውን ምስ መዳርግቲ ኣካላት ብምትሕብባር ግንዛበ መዕበይ ብምሃብ ብዝመፅእ ለውጢ ምርግጋፅ ውሕስና ምግቢ ከምዝከኣል ይገልፁ።

# ሃገራዊ ምርድዳእ...

ስርዓት ፌደራል ኣብ ፅኑዕ መሰረት ንምህናፅ ዘጋጥሙ ፀገማት ብምዝርራብ ብምምኽኻር ምፍታሕ ሕብረ ብሄራዊ ኢትዮጵያ ንምህናፅ ዓብይ ግደ ኣለዎ ኢሎም፡፡

ከም ኣይተ ኣገኘሁ ገለፃ፤ እቲ ባዓል ናይ ብሄራት ፣ብሄረሰባትን ህዝብታትን ሕድሕድ ምፍላጥን ዝገብር ከምዝኾነ፤ ብኣዳለውቲ ክልላትን ከተማ ምምሕዳራትን ዝርከቡ ቱሪስትታት ታሪኻዊ ቦታታት ንክፋለጡ ምቹው ኩነታት ዝፈጥር 'ዩ ኢሎም፡፡ሕብረ ብሄራዊ ሓድነት ብዘይ ሃገራዊ ምርድዳእ ኣይፀንዕን ዝበሉ እቶም ኣፈ ጉባኤ፤ ሃገራዊ ምርድዳእ ንሕብረ ብሄራዊ ሓድነት መሰረቱ 'ዩ፡፡ሃገራዊ ምርድዳእ ብዘተ ፣ብምኽክር፣ ብሂብካ ምቕባል ዝመፅእን ንሃገራዊ እሴት ክብርን ዋጋ ዝህብ ከምዝኾነ ገሊፆም፡፡

ታሪኻት ተዋሂዶም እንትፈሱ ሕብረ ብሄራውነት ሓድነት ከምዝሃንፁ ድሕሪ ምግላፅ፤ ብተቃራኒኡ ድማ ናተይ ባህሊ ፣ሃይማኖት ፣ብሓፈሻ ናተይ ጥራሕ ማንነት ልዕል ይበል ዝብል ሓሳብ ህብረ ብሄራዊ ሓድነት ተግባራዊ ንከይኾን ዝገብር 'ዩ ኢሎም፡፡

ሓድነታ ዘይተሓለወ ሰላማ ዘይሰፈነ ሃገር ልምዓት ምስኻዕ ኣይትኽእልን ዝበሉ ኣይተ ኣገኘሁ፤ እቲ ባዓል ናይ ሓባር ታሪኽና እሴታትናን እነርእየሉ፤ ናይ ህዝብታት ናብራ ዝንፀባረቐሉ ከምዝኾነ ኣገንዚቦም፡፡

መበል 19 መዓልቲ በዓል ናይ ብሄራት ፣ብሄረሰባትን ህዝብታት በቢደረጅኡ እንትኽበር ሓድነት ህዝብታትን ምትእስሳር ንክረጋገፅ ብምግባር ከምኡ 'ውን ሓድነት ሃገርን ሰላምን ተሓልዩ ንቀፃሊ ወለዶ ብትኹረት እንሰርሐሉ ክኾን 'ዩ ክብሉ ገሊፆም፡፡

መራኸቢ ሓፋሻት ብሄራት ፣ብሄረሰባት ህዝብታት ብፍትሓዊነት ፣ህብረብሄራዊነት ዲሞክራስያዊት ኢትዮጵያ ብምህናፅ ትኹረት ሂቦም ክሰርሑ ከምዝግባእ፤ እዚ ባዓል እንትኽበር ኣብ መንጎ ህዝብታት መዓርነት ዝተመስረተ ሓድነት ሱር ንክሰድድን ንክምዕብል ንምግባር መራኸቢ ሓፋሽ ዘይትካእ ግደ ኣለዎ፡፡

ምስ እዚ ተደሓሒዙ ቤት ምኽሪ ፀሓፊት ቀዋሚ ኮሚቴ ጉዳያት ርክብ መንግስትታት፣ሓድነት ዲሞክራስን ኣስተምህሮ ሕገ መንግስትን ባንቺይርጋ መለሰ ኣብ ኣከባብራ እቲ በዓል ኣመልኪተን ኣብ ዝሃብኦ መግለፂ ፤ መበል 19 መዓልቲ ብሄር፣ብሄረሰብን ህዝብታትን “ሃገራዊ ምርድዳእ ንሕብረ ብሄራዊ ሓድነት” ኣብ ትሕቲ ዝብል መሪሕ ሓሳብ ኣብ ክልል ደቡብ ኢትዮጵያ ከተማ ኣርባ ምንጭ ከምዝኽበር ኣፍሊጠን። እዚ ሎሚ ዘበን ዝኽበር መበል 19 መዓልቲ ብሄር፣ብሄረሰብን ህዝብታትን፤ ምትእስሳር ሕድ ሕድን ሕብረ ብሄራዊ ሓድነትን ብዘጠናኽሩ መርሃ ግብርታት ከምዝኽበር 'ውን ገሊፀን።

ስለዝኾነ 'ውን 25 ሕዳር መዓልቲ ኣሕዋት ብዝብልን ዓብይ ጉያ ንሕብረት ብዝተብሃለን ብዝተፈላለዩ ስፖርታዊ ውድድራት ከምዝኽበር ሓቢረን።

26 ሕዳር ድማ መዓልቲ ሕብረት ብዝብል ብሄር፣ብሄረሰብን ህዝብታትን ኢትዮጵያ ናብ ከተማ ኣርባ ምንጭ ዝኣትዉሉን ኣብቲ መዓልቲ ምርኢትን ባዛርን ንግዲ ከምዝኽፈትን ተዛሪበን።

27 ሕዳር 'ውን መዓልቲ ደቡብ ኢትዮጵያ እንትኸውን ኣብቲ ክልል ዝርከቡ ብሄር፣ብሄረሰባትን ህዝብታትን ባህሎም ዘርእይሉ ፌስቲቫል ባህልን ብዛዕባ ልምዓትን ባህልን ደቡብ ኢትዮጵያ ሰፊሕ ሽፋን ሚድያ ዝረኽበሉን ከምዝኾነ ኣረዲአን።

28 ሕዳር 'ውን መዓልቲ ምኽክር እንትኸውን ሃገራዊ ሲምፖዚምን ችቦ ሰላም ቤት ምኽሪ ፌዴሬሽን ንኩሎም ክልላትን ምምሕዳር ከተማን ዘረከበሉን መዓልቲ 'ዩ ኢለን።

29 ሕዳር መዓልቲ ኢትዮጵያውያን ብዝብል ብሄር፣ብሄረሰባትን ህዝብታትን ኢትዮጵያ ባህሎም ዘፋልጥሉን ኢትዮጵያውያን ኣብ ሓደ መድረኽ ዝራኸብሉን ከምዝኾነ ተዛሪበን። ኣብቲ መዓልቲ፤ መርሃ ግብርታት መርኢት ባህሊ፣ርኽክብ ዋንጫ ዓብይ ግድብ ሕዳሰን መዛዘምን ምፍላጥ ቀፃሊ ኣዳላዊት ክልልን ከምዝሳለጥ ኣረዲአን።



# ብሰዓት ሽድሽተ ሽሕ 456 ጊጋ ዋት ኢነርጂ ተመሪቱ

- ካብ ግድብ ኣባይ ልዕሊ 1ሽሕን 443 ሜጋ ዋት ሓይሊ ፈልፊሉ 'ዩ

**መሰረት ገ/ዮሃንስ**

ኣዲስ ኣበባ፡- ኣብ 2017 በጀት ናይ መጀመርያ ሰለስተ ኣዋርሕ ብሰዓት ሽድሽተ ሽሕ 456 ነጥቢ 65 ጊጋ ዋት ሰዓት ኢነርጂ ከምዝተመረተ ሚኒስቴር ልምዓት ፕላን ኣፍሊጡ፡፡ኣበዚ ርብዒ ዓመት ካብ ግድብ ኣባይ ልዕሊ 1ሽሕን 443 ነጥቢ ሓሙሽተ ሜጋ ዋት ሓይሊ ከምዘፈልፈለ ተገሊፁ፡፡

ኣብ ሚኒስቴር ልምዓት ፕላን ስራሕ ፈፃሚ መራሒ ኢኮኖሚ ትንተናን ፖሊሲን ኣይተ ሃፍታሙ ኣስፋው ከምዝገለፅዎ፤ ኣብ 2017 በጀት ናይ መጀመርያ ሰለስተ ኣዋርሕ ብብርኪ ሃገርለኸ ብሰዓት ሽድሽተ ሽሕ 456 ነጥቢ 65 ጊጋ ዋት ሰዓት ኢነርጂ ተመሪቱ 'ዩ፡፡

ኣብ 2017 በጀት ናይ መጀመርያ ሰለስተ ኣዋርሕ ብሰዓት ዝተመረተ ኢነርጂ ካብ ዝሓለፈ ተመሳሳሊ እዋን እንትነፃፀር ብሓደ ሽሕ 706 ነጥቢ 25 ጊጋ ዋት ኢነርጂ ከምዝበልፅ ኣረዲኦም፡፡

ብሓፈሻ ብሰዓት ካብ ዝምረት ሽድሽት ሽሕ 456 ነጥቢ 65 ጊጋ ዋት ኢነርጂ ኣርባዕተ ሽሕ 300 ነጥቢ 58 ጊጋ ዋት ንግልጋሎት ኤሌክትሪክ ኢትዮጵያ ከምዝተሓላላፈ ኣፍሊጡ፡፡ብሰዓት 305 ነጥቢ 34 ጊጋ ዋት ንላዕለዎት ኢንዱስትሪታት ከምዝተሓላለፈ ፤ ንማእኸል ዳታ 886 ነጥቢ 74 ጊጋ ዋት ሰዓት ከምዝተሓላለፈን ገሊፆም 'ዮም።

ኣብዚ ርብዒ ዓመት ካብ ግድብ ኣባይ ጥራሕ ሓደ ሽሕ 443 ነጥቢ ሓሙሽተ ሜጋ ዋት ሓይሊ ዝፈልፈለ እንትኸውን ፤ ኣፈፃፅማ ፕሮጀክት ግድብ ኣባይ 97 ነጥቢ ሽድሽተ ሚኢታዊ ከምዝበፅሐ ኣመልኪቶም፡፡

ምምሕያሽ ማክሮ ኢኮኖሚ ስዒቡ ናይ ወፃኢ ኢንቨስተራት ብዙሕ ተሳትፎ ኣብ ዘይገብርሉ ዘፈር ኢነርጂ ንምስታፍ 60 ሚልዮን ዶላር ናይ መእተዊ ስምምዕነት ከምዝፈረመ ተዛሪቦም፡፡

# ኣብ መስተ ማይ ፅቡቓት ስራሕቲ ከምተሰርሑ ተገሊፁ

**ኣብርሃ ሓጎስ**

ኣዲስ ኣበባ፡- ኣብ መስተ ማይ፣ ጥዕናን ትምህርትን ዝሰራሕናዮም ፅቡቓት ስራሕቲ ተራእዮም 'ዮም፤ ይኹን 'ምበር ከም ክልል ብርክት ዝበሉ ፀገማት ከምዘለው ተገሊፁ፡፡

ኣብ ዋሽ ናሽናል ፕሮግራም ምዕራፍ ክልተ ኣፈፃፅማ መደባት 2016 ዓ.ምን ቀፃሊ ኣንፈትን ኣድሂቡ ኣብ ከተማ ኣኽሱም ገምጋማዊ ስልጠና እንትካየድ፣ ሓላፊ ቢሮ ማይን ኢነርጅን ትግራይ ኣይተ ሞገስ ገብረእግዚኣብሄር ከምዝገለፅዎ ኣብ ማይ፣ ጥዕናን ትምህርትን ዝሰራሕናዮም ፅቡቓት ስራሕቲ ተራእዮም 'ዮም፤ ይኹን እምበር ከም ክልል ብርክት ዝበሉ ፀገማት ኣለዉና ። ነዞም ፀገማት በዲህና በታ እንረኽባ ውሱን በጀት ብዋን ዋሽ ፕሮግራም ክንሰርሖም ዝግበኣና ኣብ ምፍፃም ዝነበሩ ሕፅረታት ብምልላይ ንቐፃሊ ብዝሓሸ መልክዑ ኣገደስቲ ስራሕትና ንምፍፃም እንገብሮ ምንቅስቓስ ጥጡሕ ባይታ ክንፈጥረሉ ኣለና ክብሉ ገሊፆም ።

ኣብ ቢሮ ማይን ኢነርጅን ዳይሬክተር ቀረብ መስተ ማይ ኣይተ ታጠረ ሓዲስ ብግዲኦም ኣብ ቀረብ መስተ ማይን ስራሕቲ ስነ-ፅሬትን ብምዉዳድ ዝሐሸ ስራሕቲ ከም ዝተሰርሐ ብምሕባር፤ ኣብ ቀረብ መስተ ማይ ሕብረተሰብ ብፍላይ ደቂ ኣንስትዮን ህፃናት ተጠቀምቲ ንምግባር መደብ 5 ዓመት ኣብ 2 ዓመት ንምጥቕላል ንፌደራል ብዝኣተናዮ ቃል መሰረት ዛጊድ 51 ሚእታዊ ብምፍፃም ብዋናነት ህዝብና ተጠቃማይ ንምግባር ከምዝተኸኣለ ተዛሪቦም።

ሐዚ 'ውን ብፌደራል ዋን ዋሽ ፕሮግራም እንተተደጊፍና ናይ ምፍፃም ዓቕምና ብምርኣይ ከም ክልል ተጠቀምቲ ንኾነሉ ዕድል ዘሎ ኮይኑ ትካላት መስተ ማይ ሓለዋን ክንክንን ክንገብር ኣለና ድሕሪ ምባል፤ ፌደራል



ዋን ዋሽ ፕሮግራም ደገፉ ኣጠናኺሩ ክቕፅል ተላቢዮም።

ሓላፊ ቢሮ ትምህርቲ ትግራይ ዶ/ር ኪሮስ ጉዕሽ ብወገኖም ኣፈፃፅማና ብምዕባይ መደብ 5 ዓመት ኣብ 2 ዓመት ክፍፀም ምግባር ካብ ትልሙ ጀሚሩ ክነኣድ ዘለዎ ምዃኑ ብምሕባር ኣብ ቤት ትምህርቲ ውልቀን ከባብያዊ ፅሬትን ኣብ ህፃውንቲ ከም ባህሊ ክተሓዝ ብምግባር ምስ ፀገምና ብምውድዳር ቀልጢፍና ፈፂምና ናብ 3ይ ምዕራፍ ክንኣትዉ ኣለና ክብሉ ሓቢሮም ።

ምክትል ሓላፊ ቢሮ ፋይናንስ ትግራይ ኣይተ ገብረኣብዝጊ ወልደሱራፌል ኣፈፃፅማና እናመሓየሽና ብዝኸድና ቁፅሪ ተወሳኺ በጀት ንረኽበሉ ዕድል ዝዓበዩ ስለዝኾነ ናህሪን ፅሬትን ስራሕትና ክንውስኽ ይግባእ ድሕሪ ምባል ኣብ "ማችንግ ፈንድ" ኣብ ምቕራብ ሕፅረት ስለዘሎ ምስ ኮሚሽን ፕላን ብምትሕብባር መማረፂ መፍትሒ ብምቕራብ በጀት ኣብ ምትእልላሽ ከምዝሰርሑ ወሲኾም ገሊፆም ።

ኣብ ፌደራል ዋን ዋሽ ፕሮግራም መተሓባበሪ ኣይተ ኣብይ ግርማ ብወገኖም ኣብ ትግራይ ኣብ ኣዴታትን ህፃናትን ዉልቀን ከባብያዊን ፅሬትን ዑደት ኣብ ዝገበርሉ እዋን ዝሓሸ ኣፈፃፅማን ለዉጥን ምርኣዮም ፅቡቕ ጅማሮ ተጠናኺሩ ክቕፅል ብፍላይ ድማ ኣብ ጥዕናን ትምህርትን ትኹረት ክግበረሉ ሓቢሮም።

ኣብቲ ስልጠና ዝተሓቖፉ ወረዳታትን ዞባታትን ተሞክሮታተን ዘቕረባ እንትኾን እቶም ብሉፃት ስራሕቲ ብምጥንኻር ዝተርኣዩ ሕፅረታት ድማ ብምቕራፍ ኣብ 2017 ዓ/ም ዝሐሸ ስራሕቲ ንምፍፃም እቶም ሰልጠንቲ ኣብ ሓደ ምርድዳእ በፂሖም 'ዮም።

ኣብቲ መድረኽ ቢሮታት ማይን ኢነርጅን ፣ ትምህርቲ ፣ ፋይናንስን ፣ጥዕና ከምኡ 'ውን ኣመራርሓን ኪኢላታትን ኣብ ዋንዋሽ ዝተሓቖፉ ሸሞንተ ወረዳታት ኣመራርሓን ክኢላታትን ዝመፁ ልዕሊ 150 ተሳተፍቲ ከምተረኸቡ ሓበሬታ ቤት ፅሕፈት ጉዳያት ኮሙዩኒኬሽን ትግራይ የመልክት ።

# ሃፍቲ ቱሪዝም ናብ ረብሓ ንምውዓል ማእኸላት ቤተ መዘክር ምስፍሕፋሕ ወሳናይ ግደ ኣለዎ

**ኣብርሃ ሓጎስ**

ኣዲስ ኣበባ፡- ሃፍቲ ቱሪዝም ትግራይ ናብ ረብሓ ንምውዓል ማእኸላት ቤተ መዘክር ምስፍሕፋሕ ወሳናይ ግደ ኣለዎ ክብሉ ሓላፊ ቢሮ ባህልን ቱሪዝምን ትግራይ ኣፅብሃ ገብረ እግዚኣብሄር (ዶ/ር) ገሊፆም።

እቶም ሓላፊ ነዚ ዝገለፁ ኣብ ከተማ ውቕሮ ንመበል ታሽዓይ ግዜ ፅምብል ቤተ መዘክር ከተማ ውቕሮ ኣብ ዝተሳለጠ እዋን እንትኾን፣ ትግራይ ዝተፈላለዩ መስሕባት ቱሪዝምን ሓድግታትን ብምርምር ስነ-ጥንትን ስነ-ኳዕትን ዝተረኽበ ውህሉል ፀጋ ዘለዋ 'ያ ኢሎም፡፡ ዘለዉና ፀጋታት ተፈጥሮ ናብ ረብሓ ተቐይሮም መስሕብ ንኽኾኑ ቀፀልቲ ናይ ምርምር ማእኸል ካልኦትን ኣብ ምልላይ ብትኹረት ምስራሕ ከምዘድሊ ምግንዞቦምን'ውን ሓቢሮም።

እቲ ንመበል ታሽዓይ ግዜ ዝተፀንበለ ቤተ መዘክር ከባብያዊ ፀጋታት ዝሓቖፈ ከም ዝኾነን ናብ ረብሓ ንምውዓል ድማ ከምዝሰርሑ ገሊፆም።

መተሓባበሪት ከይዲ ስራሕ ባህልን ቱሪዝምን ከተማ ውቕሮ ወ/ሮ ኣለምፃሃይ ገብረ እግዚኣብሄር ከምዝገለፅኦ ቤተ-መዘክር ከተማ ውቕሮ ብምትሕብባር ሃገረ ጀርመንን ኢትዮጵያን ተሃኒፁ ንልዕሊ 9 ዓመታት ስሩዕ ግልጋሎት እናሃበ ይርከብ፡፡

እቲ ቤተ-መዘክር ካብ መቓብር ጋዕዋ፣ ዋቃርዳ፣ ማርያም ዓንዛ ዝተብሃሉ ስፍራታት ስነ -ጥንቲ ዝተኣከቡ ሓድግታት ዓቂቡ ዝሓዘ ቤተ- መዘክር ከም ዝኾነ 'ውን እተን መተሓባበሪት ሓቢረን።

ተሳተፍቲ ብወገኖም ትኪ ኣልቦ ኢንዱስትሪ ዓውዲ ቱሪዝም ናብ ረብሓ ንምውዓል ዝግበር ምንቅስቓስ ተጠናኺሩ ክቕፅል ምፅውዖም ካብ ቤት ፅሕፈት ጉዳያት ኮሙዩኒኬሽን ትግራይ ዝተረኽበ ሓበሬታ የመላኽት ።

ብፍላይ መቃብር ጋዕዋ ኣብ ወረዳ ክልተ ኣውላዕሎ ዝርከብ ካብ ከተማ ውቕሮ ንኣንፈት ደቡብ ምዕራብ ኣስታት 8 ኪሎ ሜትሮ ተጓዒዝካ ኣብ ዓዲ ኣካውሕ ዝብሃል ቁሸት ዝርከብ ናይ ስነ-ጥንቲ/ ኣርኪኤሎጂካል/ ስፍራ ብተለምዶ "መቓብር ጋዕዋ" እንተብሃለ ዝፍለጥ ኮይኑ ፤ እዚ ስፍራ እቲ ከባቢ ማሕበረሰብ ብዝኣምኖ ዝነበረ ኣፈ-ታሪክ እናተሓለወ ዝፀንሐን ኣብ 1997 ዓ/ም ኣብ ኤጀንሲ ባህልን ቱሪዝምን ዝነበሩ ክኢላታት ስነ-ጥንቲ/ ኣርኪኤሎጂስት/) ብዝተገበረ ፈተነ ኳዕቲ ብዝተወሰነ መልክዑ እቲ ሓድጊ ተረኺቡ፡፡ ካብ 2003 ዓ/ም ጀመሩ ንተኸታተልቲ ልዕሊ 5 ዓመታት ብኢትዮድያውያንን ጀርመናውያንን ብሓባር ብምዃን መፅናዕትን ምርምርን ኳዕቲ ተኻይዱ። ዛጊድ ኣብዚ ዝተኻየደ መፅናዕቲ ዝተፈላለዩ ክፋላትን ደረጃታትን ዘለውዎ መሰረት ጥንታዊ ህንፃ ዝተረከበ እንትኸውን ዙርይኡ ብሳባውያን ፅሑፍ ዝማዕረገ መሰዋእቲ መቕረቢ ኮይኑ ዘገልግል ዝነበረ ናይ ኣምልኮ ሓድጊ/Altar/፣ ኣሰር እቲ ዝቐርብ ዝነበረ መስዋእቲ ምዃኖም ዝግመቱ ኣዕፅምቲ እንስሳታት፣ መጋየፅታት ዝነበሩ ዕንቁታትን ፈሓምን ከምዝተረኸቡ ዝዝከር 'ዩ።



# ስፖርት



## ኢትዮ ኤሌክትሪክ ውድድር ጎዳና ጉያ 30 ኪሎ ሜትሮ ተዓዋታይ ኾይኑ

**መሰረት ገ/ዮሃንስ**

ፌዴሬሽን ኣትሌቲክስ ኢትዮጵያ በቢ ዓመቱ ዘካይዶም ናይ ዓዲ ውሽጢ ውድድራት እቲ ሓደ ጎዳና ውድድር 30 ኪሎሜትሮ 'ዩ፡፡ እቲ ፌደሬሽን 2017 ዓ.ም መርሃ ግብሪ ውድድር ኣብ ዝሓለፈ ሰንበት ኣብ ቢሾፍቱ ከተማ በዚ ውድድር ዝጀመረ እንትኾን ኢትዮጵያ ኤሌክትሪክ ጠቕላላ እቲ ውድድር ተዓዋታይ ኾይኑ 'ዩ፡፡

ዓብይ ሽም ዘለዎም ኣትሌታት ሓዊሱ ዝተፎኻኸርሉ ውድድር ደቂ ኣንስትዮ ትእግስት ግርማ ካብ ክለብ ፌደራል ቤት ህንፀት ቀዳመይቲ ኾይና ዛዚማ 'ያ፡፡ ፅጌ ሃይለስላሴ ካብ ኢትዮ ኤሌትሪክ መበል ካልኣይ፤ ሩቲ ኣጋናን ሮዛ ደረጀን ካብ ፌደራል ማርምያ ሳልሳይን ራብዓይን ብርኪ ሒዘን ዛዚመን 'የን፡፡ ብደቂ ተባዕትዮ ዝተኻየደ ውድድር ድማ ሃይለማርያም ኪሮስ ካብ ኢትዮጵያ ኤሌክትሪክ ቀዳማይ ኾይኑ እንትዛዝም፤ ኣሰፋ መንግስቱ ብውልቀ መበል ካልኣይ ኾይኑ 'ዩ፡፡ ባየልኝ ተሻገርን እንባየ ጎይተኦምን ካብ ኢትዮ ኤሌክትሪክ መበል ሳልሳይን ራብዓይን ኾይኖም ዛዚሞም 'ዮም፡፡

በቲ ውፅኢት መሰረት ኢትዮ ኤሌክትሪክ ብደቂ ኣንስትዮ ብ22 ነጥቢ 1ይን ተሸላሚ ፅዋዕን እትኾን፣ ፌደራል ቤት ህንፀት ብ24 ነጥቢ መበል 2ይ፤ ፖሊስ ኦሮምያ 50 ነጥቢ መበል 3ይ ብርኪ ምሓዝ ክኢሉ 'ዩ። በደቂ ተባዕትዮ ኢትዮ ኤሌክትሪክ 19ነጥቢ 1ይ ተሸላሚ ፅዋዕ እንትኾን ፤ፖሊስ ኦሮምያ ብ40 ነጥቢ 2ይ፤ ንግድ ባንኪ ኢትዮጵያ 76ነጥቢ 3ይ ኾይኑ ዛዚሙ 'ዩ። በዚ ድማ ኢትዮ ኤሌክትሪክ ብሓፈሻ ናይቲ ውድድር ተዓዋታይ ዝኾነሉ ፅዋዕ ወሲዱ 'ዮ፡፡

ብደቂ ተባዕትዮ ቬትራን ልዕሊ 50 ዓመት ኣብ ዝተኻየደ ውድድር ገዛህኝ ገብሬ ተዓዋታይ እትኾን፣ ስዩም ደበሌ መበል ካልኣይ፤ ደረጄ ገምቹ መበል ሳልሳይ ኾይኖም ዛዚሞም 'ዮም፡፡ ብተመሳሳሊ ብቬትራን ደቂ ኣንስትዮ ትሕቲ 50 ዓመት ኣበሩ ዘውዴ ተዓዋቲት እንትትኾን ኣዳነች ተሰፋዬን እህተብርሃን ኣዳሙ መበል ካልኣይን ሳልሳይን ኾይነን ምዝዛም ክኢለን 'የን፡፡ ካብ 1-3 ዝዛዘሙ ኣትሌታት ናይ ወርቂ፣ ብሩርን ነሓስን ሜዳልያ ዝተሸለሙ እንትትኸውን ከም ደረጀኦም ካብ 40ሽሕ ክሳብ 18ሽሕ ብር ተበርኪትሎም 'ዩ፡፡ ካብ 4-8 ዝዛዘሙ ኣትሌታት በቢ ደረጀኦም ካብ 16ሽሕ ክሳብ 8ሽሕ ብር ተሸለምቲ ኾይኖም 'ዮም፡፡



ትእግስት ግርማ



ሃይለማርያም ኪሮስ

ናይቲ ውድድር ዓላማ ክለባት ክልልን ከተማ ምምሕዳርን፣ ትካላትን ናይ ውልቀ ተወዳደርትን ኣትሌታት ዕድል ውድድር ንምፍጣርን ተተካእቲ ኣትሌታት ንምፍራይ ከምኡ 'ውን ኣትሌታት ብሽልማት ንምብርትታዕ ከምዝኾነ እቲ ፌደሬሽን ገሊፁ፡፡

ናይቲ ውድድር ተሳተፍቲ ክልላት ፣ ክለባት ፣ከምኡ 'ውን ብውልቀ ተመዝጊቦም ዝወዳደሩ ኣትሌታትን ነባር ኣትሌታትን እንትኾኑ ኣብ ናይ ሎሚ ውድድር ሰለስተ ክልላት ፣ሓደ ከተማ ምምሕዳር ፣ ዓሰርተ ሓሙሽተ ክለባት ፣ ነባራት (ቬትራን) ኣትሌታትን ብውልቀ ተመዝጊቦም ዝወዳደሩ ኣትሌታት ተሳተፍቲ ኾይኖም 'ዮም፡፡ 385 ደቂ ተባዕትዮ ፣137ደቂ ኣንስትዮ ኣትሌታት ብሓፈሻ 522 ኣትሌታት ተፎኻኺርቲ ኾይኖም 'ዮም። እዚ ድማ ካብ ዝሓለፈ ውድድር ብ59 ኣትሌታት ናይ ሎሚ ውድድር ተሳትፎ ዝበለፀ ከምዝኾነ ተገሊፁ 'ዩ፡፡

እዚ 30ኪሎ ሜትሮ ናይ ጎዳና ውድድር ጉያ ኣብ ፌዴሬሽን ኣትሌቲክስ ኢትዮጵያ ብ 2001ዓ.ም ኣብ ከተማ ኣዳማ ናይ መጀመርያ ውድድር ብ115 ደቂ ተባዕትዮ ብ28 ደቂ ኣንስትዮ ብድምሩ 143 ኣትሌታት ብምስታፍ ዝተጀመረ እንትኾን ፣ን10 ተኸታታሊ ዓመታት ኣብ ከተማ ኣዳማ እናተኻየደ ፀኒሑ ክሳብ 2010 ዓ.ም እቲ ውድድር ተቋሪፁ ነይሩ 'ዩ፡፡ ንኻልኣይ ግዜ ድማ መበል 7ይን 9ይን ውድድር ኣብ ቢሾፍቱ እንትካየድ መበል 6ይ ውድድር ንምክያድ ትልሚ ተዳሒዙ እንተነበረ 'ውን ብኮቪድ ምኽንያት ተሰሪዙ 'ዩ፡፡ ንመበል 8ይ ክካየድ ዝነበረ ውድድር ድማ ብስራሕ ምድርራብ ከይተኻየደ ከምዝተረፈ ካብቲ ፌደሬሽን ዝተውሃበ ሓበሬታ የመልክት፡፡ ሎሚ ዓመት ግና ‹‹መበል 11 ጎዳና ውድድር ጉያ 30 ኪሎሜትሮ ›› ብዝብል ቴማ ኣብ ከተማ ቢሾፍቱ ተኻይዱ 'ዩ፡፡

## ሓለዋን ምልላይን ሓድግታት-ንፅባሕ ዘይብሃል ስራሕ

## መኣዲ ጥበብ

**ኣብርሃ ሓጎስ**

ሃገርና ብፍላይ ከዓ ትግራይ ናይ ብዙሓት መግለፂ መንነት ዝኾኑ ሰብ ስራሕን ተፈጥሮን ሓድግታት ዝርከበላ ከምዝኾነት ታሪኽ ዝምስከረሉን ኣብ መሬት ዘሎ ሓቂ 'ውን ዘረጋግፆ 'ዩ። ሓድጊታት ድማ ንሓደ ሕብረተሰብ ወይ ንሓንቲ ሃገር መግለፂ መንነት ካብ ምኳኑ ብተወሳኺ መስሕብ ቱሪዝም፣ መህነፂ ፅቡቅ ምስሊ እቲ ሕብረሰብን ሃገርን ከምኡ 'ውን ፍልፍል ቁጠባዊ እቶትን ከምዝኾኑ ዝፍለጥ 'ዩ።

ብዙሕ ረብሓታት ዘለዎም ሓድግታትና ነቲ ሕብረተሰብን ሃገርን ልምዓትን ዕብየትን ዘለዎም ግደ ብግቡእ ንክፃወቱ ብግቡእ ክዕቀቡን ከፋለጡን ከምዝግባእ ኩሉ ዝረዳድኦሉ ሓቂ 'ዩ።በዚ መሰረት ኣብ ሃገርና ብፍላይ ድማ ኣብ ትግራይ ዘለዉ ሓድግታት ክንድቲ ዘለዎም ብዙሕ ረብሓታት ዝግባእ ትኹረት ተዋሂብዎም ናይ ምርማር ፣ ምዕቃብን ምልላይን ስራሕቲ ብግቡእ ይስርሐሎም ኣሎ እንተዘይተብሃለ 'ውን ምንም ኣይስራሕን ዘሎ ካብ ምባል ዘተርፉ ስራሕቲ ግና ሓለሓሊፎም ዝስርሑ ከምዘለዉ ዘርእዩ ኣለው 'ዮም።

እዚ ካብ ዝሰረሑ ዘለዉ ድማ ብብርኪ ሃገር ከም በዓል መዚ ቅርስታት ኢትዮጵያ፣ ብብርኪ ክልል ድማ ቢሮ ባህልን ቱሪዝምን ዝበሉን ብኣዋጅ ካብ መነነ ዝተዋህብዎ ስራሕቲ ኣብ መላእ እዛ ሃገርን ክልልን ዝርከቡ ባህላውን ተፈጥራውን ሓድግታት ሰብ ስራሕን ተፈጥራውን ጉድኣት ከይበፅሖም ምሕላውን ምሕብሓብን 'ዩ። ከምኡ 'ውን እቶም ሓድግታት ብዝተፈላለየ ምኽኒያት ጉድኣት ከበፅሖም ከሎ ድማ ያታዊ ትሕዝተኦም ብዝሓለወ ብሳይንሳዊ መንገዲ ፅገናን መሊስካ ምስራሕን ከካይዱ ሓላፊነት ኣለዎም። ብመሰረት እዚ 'ውን ቢሮ ባህልን ቱሪዝምን ምስ ዝተፈላለዩ ተሓባበርትን መዳረግቲ ኣካላት ብሙኳን በቲ ዝነበረ ኩናት ዝዓነዉ ሓድግታትን ከምኡ 'ውን ብዝተፈላለዩ ካልኦት ምኽንያታትን ፅገና ዘድልዮም ሓድግታት ናይ ምፅጋን ጀማሮታት ይረኣዩ ኣለው 'ዮም።

ኣብዚ ከም ኣብነት ዝጥቀሱ ድማ ክሳብ ሓዚ ተፀጊኖም ዝተዛዘሙ ሓድግታት ከም ጥንታዊ ገዳም ኣቡነ ኣብርሃም ደብረፅዮን ፣ ደብረማርያም ቆርቆር ኣብ ወረዳ ሓውዜን ዝርከብ ካልኦትን፤ ኣብ ከይዲ ፅገና ዘለዉ ድማ ከም ታሪኻዊ መስጊድ ነጋሽ፣ ታሪኻዊ ቤተክርስትያን ማርያም ቆራር ኣብ ደጉዓ ተንቤን፣ ገዳም ኣባ ጰንጠሌወን ኣብ ላዕላይ ማይጨው ዝኣምሰሉ እንተኾኑ፤ ብሰንኪ እቲ ኹናት ተቛሪፁ ዝነበረ ፕሮጀክት ፅገና ሓወልቲ ኣኽሱም'ውን ከምዝጀምር ተገሊፁ ኣሎ።

ከም ፀብፃብ ሚድያታት እቲ ክልል ብ26 ጥቅምቲ 2017 ቢሮ ባህልን ቱሪዝምን ትግራይ፣ ላዕለዎት ሓለፍቲ በዓል መዚ ቅርሲ ኢትዮጵያ፣ MH Engineering Company and Studio Crochi፣ ህዝብን ምምሕዳርን ኣኽሱም፣ ሊቃውንቲ ኣኽሱም ኣብ ዝተረኸብሉ ብሰንኪ ኮቪድ-19ን ዝነበረ ኲናትን ተቛሪፁ ዝነበረ ፕሮጀክት ፅገና ሓወልቲ ኣኽሱምን ቁፅሪ 3 ን ሙዝየም መቓብር ነገስታትን ብመበገሲ 115 ሚልዮን ብር ፅገንኡ ከምዝሳለጥ ዕላዊ ኮይኑ 'ዩ።

ብ115 ሚልዮን መበገሲ ዝገበረ ንሰለስተ ኣዋርሕ መፅናዕትን ቀፀልቲ ሹዱሽተ ኣዋርሕ ድማ ፅገናን ብምግባር ኣብ ትሸዓተ ኣዋርሕ ዝጠናቐቕ ዓብዩ ሕቶ ትግራይ ፍታሕ ይረክብ ምህላው ሓላፊ ቢሮ ባህልን ቱሪዝምን ዶክተር ኣፅበሃ ገብረእግዚኣብሄር ብምሕባር፤ እቲ ኣብ ሓደጋ ዝርከብ ቅርሲ ሓወልቲ ኣኽሱምን ሙዝየም መቃብር ነገስታትን ኣብ ዓለም ቅርስነቱ ሓልዩ ንክኸይድ ጠመተ ተዋሂቡ ክስራሕ 'ዩ ክብሉ ሓቢሮም 'ዮም።

ቦታታት ቅርሲ ሓወልቲ ኣኽሱምን ሙዝየም መቃብር ነገስታትን ኣብ ሕቡራት መንግስታት ትካል ትምህርትን ባህልን ሳይንስ (ዩኔስኮ) ብዓለም ቅርስነት ከምዘተመዝገቡ ዘዘኻኽሩ እቶም ዋና ዳይሬክተር፤ እቲ ብውሕጅን ካልኦት ፀገማትን ጉድኣት ዝበፅሖም ጥንታዊ መቃብር ነገስታትን ንምፅጋንን ንቱሪስት 'ውን ብዝመቸው መልክዕ ንምትዕርራይ እቲ ስራሕ ከምዝፍፀም ተዛሪቦም 'ዮም።

ኣብ በዓል መዚ ቅርሲ ኢትዮጵያ ዋና ዳይሬክተር ሙዚየም ዝኾኑ ኤሊያስ ሽኩር (ዶ/ር) ብወገኖም፣ " እቲ ዝዘመመ ሓወልቲ ኣኽሱም ቁፅሪ ሰለስተ ልዑል ጥንቃቀ ተገይረሉ ናይ ምቀናዕ ስራሕ ክሰራሕ ዩ ብምባል፤ እቲ ተሳነጣጢቑ ኣብ ሓደጋ ዘሎ ቦታ መቓብር ነገስታት ብተመሳሳሊ ብልዑል ጥንቃቀ ከምዝስራሕ ገሊፆም 'ዮም።

ከም ሓበሬታ በዓል መዚ ቅርሲ ኢትዮጵያ ሓወልቲ ኣክሱም ቁፅሪ 3 ምስ ምዝማም መሰረት ተተሓሒዙ ጉድኣታት ምብፅሑም መሰረት ብምግባር እቲ በዓል መዚ ምስ ኢትዮጵያዊ ትካል ኤምኤች ኢንጂነሪንግን ኣማኻሪ ትካል ጣልያን ስቱዲዮ ክሮቺ ኮይኖም መፅናዕቲ ቅድመ ፅገና ካብ 2008 ዓ.ም ክሳብ 2010 ዓ.ም ክሰርሑ ፀኒሖም እቲ ፅንዓት ሰነድ ድማ ኣብ ከተማ ኣክሱም ኣብ ዝተገበረ መድረኽ ምኽክር ንክፀድቅ ተገይሩ 'ዩ። ብተወሳኺ እቲ ፅንዓት ብዩኔስኮ ንክግምገም ተላኢኹ ንዝቀረቡ ሕቶታት በቲ በዓል መዚ ናይ መብራህረሂ ሰነድ ኣዳልይሉን ሂብሉን 'ዩ።

ስራሕቲ ፅገና ንምፍፃም ሓወልት ቁፅሪ 2 ን ካብ ሮም ኣምፂኡ ደው ዘበለ ላታንዚ ዝተብሃለ ኩባንያ ጣልያን ብምቑፃር ኣብ ሽዱሽተ ኣዋርሕ ዉሽጢ ስራሕቲ ፅገናኡ ንምዝዛም ዘኽእል ዉዕሊ ስምምዕነት ብምግባር ነቲ ስራሕ ንምስራሕ ዝሕግዙ ንሓለዋን ምዕቃብን እቲ ሓድጊ(ቕርሲ) ዝሕግዙ መሳርሒ ዝሓዙ ኮንቴይነራት ናብ ከተማ ኣኽሱም ተላኢኹ ምንባሩ ይዝከር።

ሐዚ እቲ ፅንዓት ካብ ዝፅንዐሉ እዋን ልዕሊ ሸሞንተ ዓመታት ዘቑፀረ ብምኳኑ፣ ኣብቶም ሓድግታት ዘሎ ኩነታት ጉደኣት ብምስናድ ንሳይንሳዊን ተቐባልነት ዘለዎ መፍትሒ ምቕማጥ ኣድላይ ብምኳኑ፤ ከምኡ 'ውን ብዝተፈላለየ እዋናት ዝተርኣየ ምንቅጥቃጥ መሬት ተወሳኺ ስግኣታት ብምፍጣሩ ቁፅሪ 3 ሓወልቲ ኣከሱምን ሙዚየም መቃብር ነገስታትን ከምኡ 'ውን ብሪክ ኣርክ ከይተፀገነ ብምፅንሑ ምኸንያት ልዑል ጉድኣት ዝርከብ ብምኳኑ ተቋሪፁ ዝነበረ ስራሕቲ ፅገና ንምቅፃልን ቅልጡፍ መፍትሒ ንምሃብ ክለሳ መፅናዕቲ ብምግባር ኣድላይ ኮይኑ ተረኺቡ በዚ መሰረት 'ውን ናብ ተግባር ንምእታው ከምቲ ናይ ቅድሚ ሐዚ ብኣማኸርቲ ትካላት እቲ ልዕሊ ሾመንተ ዓመት ኣቢሉ ተፀኒዑ ዝነበረ ፅንዓት ብምምሕያሽ እቲ ስራሕቲ ፅገና ንምፍፃም ብምሕሳብ ናብ ስራሕ ተኣትዩ ኣሎ።

ብሓፈሻ ኣብዚ እዋን ተጀሚሮም ዘለዉ ስራሕቲ ፅገና ሓድግታት ይበል ይቐፅል ዘብል ኮይኑ፤ ኣብዛ ሃገር ብፍላይ ከዓ ኣብ ትግራይ ዘለው ብዙሓት መግለፂ መንነት ዝኾኑ ሰብ ስራሕን ተፈጥሮን ሓድግታት መግለፂ መንነት ካብ ምኳኖም ብተወሳኺ መስሕብ ቱሪዝም፣ ንህነፀት ፅቡቅ ምስሊ እቲ ሕብረሰብን ሃገርን ከምኡ 'ውን ፍልፍል ቁጠባዊ እቶትን ብምኳኖም እቶም ሓድግታት ተዓቂቦም ናብ ትውልዲ ንክሰጋገሩ ናይ ሓደ ክልተ ትካላት ጥራሕ ዝሕደግ ስለዘይኮነንንፅባሕ ዘይብሃል ስራሕ ስለዘይኮነ ኩሎም ኣካላት ኣብዚ ግድኦም ብግቡእ ክዋፃኡ ይግባእ።

